ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 329 26 ሓምለ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ቀዳም

ገጽ 3
ክልተ ወለዶ ኣብ ድልያ ዑስማን እድሪስ



ገጽ 4
ብራቕን ዕራብን ጸሓይ



ገጽ 5
ናብራ ምስ ዝወለደት የማጽኢ ደዩ?

ገጽ 10
ኣመጻጽኣ ሕርሲ

ገጽ 11
ዞባ ማእከል ንጋንታታት ከዕሶ እግሪ ኣተባቢዓ



# ተመሃሮ 11 ክፍሊ ዞባ ማእከል፡ ናብ ሳዋ ወሪዶም

ልዕሊ 5 ሽሕን 500 ተመሃሮ 11 ክፍሊ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ንምቕጻልን ኣብ መበል 28 ዙርያ ሃገራዊ ግቡኦም ንምፍጻምን፡ ትማሊ 25 ሓምለ ናብ ሳዋ ወሪዶም።



እቶም ተመሃሮ ካብ ኣብያተ-ትምህርቶም ኣብ ዝተበገሱሉ ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ከም ቀዳሞት ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ብኹሉ መዳይ ብቑዓት ንክኾኑ ድልዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኣብቤት-ትምህርቲዋርሳይ-ይከኣሎ ሳዋ ንዝጸንሖሉ ናይ ትምህርትን ስልጠናን ግዜ ምሉእ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ምድላዋት ጌሮም ምዃኖም ዝገለጹ ተመሃሮ ኣብርሃም መድሃኔ፡ ሊዩላ ኑርሕሴንን ፍርዳስ ቴድሮስን፡ ብዘቕዓቶምን መንፍዓቶምን ብኣቡት ክጥቀሱ ምኽንቲ፡ ብልዑል መንፈስ ቅሩባት ከምዘለዉ ገሊጾም።

ንድርብ ዕላማ ይብጽሑ ከምዘለዉ ኣጸቢቖም ከምዝተገንዘቡ ዝጠቐሱ ተመሃሮ ሳልሕ እድሪስን ጸገረዳ በርሀን ድማ፡ ብፍቕርን ሓድነትን ንክልተኡ ዕላማታት ብዓደማዕት ንምፍጻም ኣብርቶም ከምዝጽዕሩ ሓቢሮም።

ደቀም ፍልጠትን ሞያን ዓጢቖም እሙናት ወረስቲ ሕድሪ ሰማእታት ንክኾኑ ከዳልውዎም ምጽንሖም ዝሓበሩ ወለዲ ብወገኖም፡ ብኹሉ መዳዩም ዕዉታት ኮይኖም ከምዝምለሱ ከምዘይጠራጠሩ ኣረጋጊጾም።

# መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት ማእከል ጥዕና ሃይኮታ፡ ኣብ ድሕነት ኣደን ህጻንን ዓቢ ተራ ይጻወት

ኣብ ማእከል ጥዕና ሃይኮታ ዝተዋደደ መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት፡ ኣብ ጥዕና ኣደን ዕሸልን ዝምስገን ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ፡ ካብ ዝተፈላለያ ምምሕዳር ከባቢ ናይቲ ንኡስ ዞባ ዝመጻ ተገልገልቲ ሓቢረን።

ነባሪት ምምሕዳር ከባቢ ሓሸንከቲ ወይዘሮ ኣምና ልቡብ፡ ነባሪት ምምሕዳር ከባቢ ግራሻ ወይዘሮ ሃዋ ኣድምን ነባሪት ምምሕዳር ከባቢ ሊባንያይ ወይዘሮ ኣምና ኣድምን ንኤሪና ኣብ ዝሃብኦ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ማእከል ጥዕና ካብ ግዜ ጥንሲ ጀሚሩ ግቡእ ምክትታል ከምዝግበር ብምሕባር፡ ሰኣን ሕክምናዊ ሓገዝ ክወርድ ዝጸንሐ መጠን ሞት ኣደን ዕሸልን ኣዝዩ ከምዝነቑልቑለ ኣብሪሀን።

ነርስቲ ሃይኮታ ኣቶ መሓመድ ዑስማንን ኣቶ እድሪስ መሓመድን ብወገኖም፡ ኣብ'ታ ማእከል ጥዕና ብዝረኸብዎ ዘለዉ ኣገልግሎትን ኣስተምህሮን ኣፍልጦኦም ኩብ ኢሉ ከምዘሎ ብምንጽጻር፡ ንዝበለጸ ውጽኢት - እታ ማእከል ጥዕና ናብ ኮማዊ ሆስፒታል እትዕበየሉ ኩነታት ክፍጠር ተላብዮም።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና ሃይኮታ ነርስ ጉብኡ ዘርኣ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዜጋታት ዝተማልአ ኣገልግሎት ጥዕና ንክረኽቡን ደረጃ መነባብሮኦም ንምምሕያሽን ልዑል ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ፡ ኣብ ሃይኮታ ተዋዲዱ ዘሎ መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት ድማ ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ነፍሰ-ጾራት ኣብ'ታ ትካል ጥዕና ብውሑስ ኣገባብ ይገላገላ ከምዘለዋ ኣነጺሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ሓንቲ ማእከልን 3 መደበራት ጥዕናን ከምዘለዋን ውህድ ስራሕ ከምዘካይዳ፡ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት።

# ማይ-ሽግሊ፡ ግርሁ ስድራ-ስዉኣት ብወፈራ ተሓሪሱ

ነበርቲ ሸሞንተ ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ማይ ሽግሊ - ንኡስ ዞባ ሳዕሊይ ጋሽ፡ ኣብ ከባቢኦም ናይ ዝርከቡ ስድራ-ስውኣት ግርሁ ብወፈራ ከምዝሓረስዎ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ሓገዝ ካብ ዝተገበረሎም ስድራ-ስውኣት ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ዓመታዊ ብዝገበረሎም ናይ ማሕረሰን ካልእ ገዝኦውን ዓይነታውን ደገፍን ኣብ መነባብሮኦም ከይተሸገሩ ይነብሩ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ እቲ ናይ ማሕረስ ሓገዝ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ብህዝቦን መንግስትን ክግበረሎም ዝጸንሐ ደገፍ ምዃኑ ገሊጾም።

ኣብቲ ወፈራ ካብ ዝተሳተፉ ነበርቲ ድማ፡ ንስድራ ስውኣት ምሕጋዝ ነቲ ተበጽሖ ንዝወሰዱ ሕልናዊ ዕዳቦት ዝህብ እምበር ምስ ወለሰት ሰማእታት ዝዳረግ ከምዘይኮነ ብምምልካት፡ ንስድራ ስውኣት ዓቕሞም ዝፍቅዶ ደገፍ ክገብሩ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ሽግሊ ኣቶ ሓሰን እስማዒል ድማ፡ እቲ ሓገዝ ክሳብ እዋን ምእካብ ምህርቲ ክቕጽል ምዃኑ ሓቢሩ።

# ህዝቢ ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ንኽረክብ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ጻዕሮም ክሐይሉ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣዘኻኺሩ



ህዝቢ ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ንኽረክብ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ጻዕሮም ክሐይሉ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ ብ22 ሓምለ ምስ ሰራሕተኛታት ኣብያተ-ጽሕፈት ምምሕዳራት ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

“ህዝቢ ግቡእ ኣገልግሎት ክረክብ ማሰሉ'ዩ” ዝበለ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ፡ ሰራሕተኛታት ዝኢ. ተረዲኦም ንተገልጋሊ ብፍሕሹው ኣቀባብላ ጉዳያቱ ክሰልጡሉ፡ ሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን ድማ ንሰራሕተኛታቶም ኣብ ምቁጽጻርን ጽፈት ስራሕ ኣብ ምክትታልን ብዕቱብ ክሰርሑ ከምዝግብኦም ኣስሚሩሉ።

ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ክብ ምባል ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባት ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ከምዝኾነ ብምጥቃስ ድማ፡ መብዝሕትኦም መንእሰያት ብምዃኖምን ንህዝበን መንግስትን ዘገልግሉሉ መጻኢ ስለዘለዎም፡ ናብኦም ዝተኸፈተ ርሑብ ዕድላት ትምህርትን ስልጠናን ከምዘሎ ኣዘኪሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ንዘሎ ሕጽረታት ንምምላእ - መንግስቲ ጻዕርታት የካይድ ከምዘሎ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ መዳይ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ዝበረ ሕጽረታት ብብመድረኹ ፍታሕ ይርከቦ ከምዘሎ ብምብራህ፡ ሰራሕተኛታት ብወገኖም ነቲ ጻዕርታት ንምዕዋት ንቕሓቶምን ኣፍራይነቶምን ክብ ክብሉ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንህዝቢ ግቡእ ኣገልግሎት ንምሃብ ክጽዕሩ ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ክእለቶም ዘማዕብሉሉ ባይታ ክጣጣሕ ብምልባው፡ ካብኦም ዝሕተት ኩሉ ድልዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

# ነበርቲ ዓረዛ፡ ዝጸንሖም ሽግር ዝስተ ማይ ንምፍታሕ ጻዕሪታት የካይዱ ኣለዉ

ተቐማጦ ሓውሲ ከተማ ዓረዛ፡ ዝጸንሖም ሕጽረት ዝስተ ማይ ንምፍታሕ ብዘካይድዎ ዘለዉ ጻዕሪ፡ ምንጪ ማይ ናብ ዘለዎ “ሩባ-ቤት” እናወፈሩ ንዓበይቲ መካይንን ማሽነሪታትን ዘሕልፍ ሓድሽ ጽርግያ ኣብ ምጽራግን ምድልዳል ዝጸንሐ መገድን ተጸሚዶም ከምዘለዉ፡ ወኪል ኤሪና ካብቲ ቦታ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪት ሓውሲ ከተማ ዓረዛ ወይዘሮ ምልእተ ጺጋይ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ መንግስቲ ድሕሪ ናጽነት ቀዳምነት ሂቡ ዝሰርሖ ዲጋ ንሱብን ጥሪትን ኮይኑ'ኳ እንተጸንሐ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ዝናብ ግን ትሕዝቶኡ ስለዘንቈልቈለ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 3 ዓመታት ካብ ዓዲ-ጉሮቶ ኣስታት 21 ኪሎ-ሜተር ብዝርሕቐት ናይ ቦጥ ማይ ክሰትዩ ከምዝጸንሑ ብምሕባር፡ ኣብ “ሩባ-ቤት” ብዝተኻየደ መጽናዕቲ ተረኺቡ ዘሎ ምንጪ ማይ ንሕቶ ማይ ዓረዛ ዝምልስ ብምዃኑ፡ ነበርቲ መዓልታዊ እናወፈሩ ኣብ ምስራሕ ጽርግያ፡ ምእካብ እምኒን ምኹዓትን ዒላን ይነጥፉ ከምዘለው ኣብሪሃ።

ኣብታ ሓውሲ ከተማ ዝቕመጡ ወሃንቲ መካይን፡ እቲ ስራሕ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንኽውዳእ ብነጻ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ክህቡ እንከለዉ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት ድማ ኣብቲ ስራሕ ልዑል ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ ዝጠቐሰት ወይዘሮ ምልእተ፡ እቲ ፕሮጀክት ምሉእ ብምሉእ ምስ ተዛዘመ፡ ካብቲ ቦታ ናብ ውሽጢ ከተማ ዝኣቱ 5 ኪሎ-ሜተር ሻምብቆታት ብምዝርጋሕ ቀረብ ማይ'ታ ከተማ ከምዝወሓስ ክግበር ምዃኑ ኣፍሊጣ።

ነበርቲ ንዝጸንሖም ጸገም ዝስተ ማይ ብምዕጋር፡ ዘካይድዎ ዘለዉ ወፈራ ዝኢ. ዝፈትሕ ብምዃኑ፡ ብልዑል ተወፋይነት ይሳተፉ ከምዘለዉ ገሊጾም።

ወሃንቲ መካይን ብወገኖም፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብመኪንኦም ዝገብርዎ ዘለዉ ነጻ ኣገልግሎት፡ ብጉልበት'ውን ይሳተፉ ከምዘለዉ፡ ክሳብ'ቲ ስራሕ ዝዛዘም ድማ እጃሞም ከበርክቱ ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

መ ልታ
ሰናዳ
ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
.ስ 116266/201820(2220)
ም/ ሰናዳ
ን ም ስሃ ን
bife@zena.gov.er
.ስ 201820(2217)
ስ 127749 - .ሳ. . 247
hadas@zena.gov.er
ም ር ሕ
.ስ. 200454
ምል ታ
.ስ. 125013 - .ሳ. . 1284
ለይ-
ደን ሃ ሃንስ ሃይለ
ይ ምስ ና ስ
ሳምራ መለስ

## ሓጺር መልእኽቲ ብዛዕባ ሕማም ዓሶ

ሕማም ዓሶ ካብ ዓሶ ዝሓመመ ሰብ ናብ ጥዑይ ሰብ ብመንገዲ ኣናፈልስ ዝተባህለት ኣንስተይቲ ጣንጡ ኣቢሉ ዝመሓላለፍ ሕማም ኢዩ።

ቀንዲ ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም ዓሶ ድማ፡

- ቁራቁሪ የብል
- የንቀጥቅጦካ (ጉበኢ. ይሕዞካ)
- ርእሲ የሕምም
- ሽውሃት ይዓጹ ማለት ናይ ምብላዕ ድሌት ይድረት
- ድሕሪ ብርቱዕ ረሃጽ የርህጽ
- ይቕረጥመካ (መብዝሕትኡ ኣብ መላግቦታትን ጭዋዳታትን)
- ዝበላዕዎን ዝሰተኻዮን የምልሶካ . . .ወዘተ።

ስለዚ ዝኾነ ሰብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ምልክታት ወይ ስምዒታት ኣብ ነብሱ ይኹን ኣብ ስድራቤቱ ምስ ዝስዕቡ ተቐላጢፉ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ መደበር ጥዕና ቀሪቡ ዘድሊ መርመራ ብምግባር ብግቡእ መድሃኒት ዓሶ ወሲዱ ክፍወስ ይግባእ።

ሚኒስትሪ ጥዕና






# ክልተ ወለዶ ኣብ ድልያ ዑስማን እድሪስ

መሳርሕተይ፡ “ዑስማን ዝተባህለ ካብ ሕርጊጎ ዝመጸ መንእሰይ ክልተ ሳብ ናብ ቤት-ጽሕፈትካ ተመላሊሱ ስኢኑካ”፡ እናበሉኒ ከለዉ’ዩ ሓደ ካብ ዘይደራይ ዝሕብሩ መንእሰይ ህሩግ ኢሉና፡፡ መሳርሕተይ፡ ኑቲ ህሩግ ዝበለ መንእሰይ ምስረኣዩ፡ ‘እዚ’ዩ እቲ ክንነብሮ ዝጸናሕና’፡ “ንዓ ዑስማን እቶ፡ እንዛለ ዝ. ኢኻ ክትደሊ ጸኒሕኻ”፡ ቀድም ንዓይ፡ ድሓር ንዕኡ ምስ በሉኒ ምስ በልዎ፡ ኣተው’ሞ ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብህጹጽ ናብ ኣስመራ ብዘዕባ ዘምጽኦ ጉዳይ ኣተምበሃሊዩ፡፡ እቲ ዛንታ ነዊሕ፡ እቲ ኣረኻኽባ ዛንታ ኸኣ ዝተወሳሰበን ጻዕሪ ዝሓለፎን ምኻኑ ጠቒሱ፡ ካብ ምፍላም ዛንታ ምስ ጀመረለይ፡ ኣእዛነይ ኩር ኣቢለ ንምስማዑ ተዳለኹ፡፡

ነጋሪ ዛንታ ዑስማን ሳልሕ ማሕሙድ ጋዓስ ዝተባህለ መንእሰይ ሕርጊጎ’ዩ፡፡ ዘምጽኦ ጉዳይ ድማ ብዛዕባ ዑስማን እድሪስ ጋዓስ ነበረ፡፡ ንዑስማን ኣቦሓጎኡ ዝኾነ ማሕሙድን እድሪስን ኣሕዋት’የም፡፡ መቦቆሮ እንዳ እድሪስ ሰገኸሰዮምዊ ማሕረሰን መጓሰን ብምንባሮም፡ ካብን ናብን መበቆል ዓዶም ገደምን ደቅዓን እናተመላለሱ’የም ኣሕሊፎሞ፡፡ ኣብ ወርሓት ቃሕሳስን ጥሪን ኣብ ገደም፡ ኣብ ወርሓት ሓምለን ነሓሰን ኸኣ ኣብ ደቅዓ እናነበሩ፡ ናብራኦም የሰላስሉ ነይሮም፡፡ እድሪስ ጋዓስ ካብ ሓሊማ ኢብራሂም፡ ንዑስማን ወሊዱ፡፡ ድሕሪ ዑስማን ድማ ኢብራሂምን ፋጥማን ተወሊዶም፡፡ እድሪስ ጋዓስ፡ ካብ ሓሊማ ሰለስተ ምስፈረየ፡ ፈርዩ ጥራይ ዘይኮነ’ውን ደቆ ከጉብዘ ምስጀመረ፡ ብሕማም ተጠቒዑ’ሞ፡ ብዙሕ ድሕሪ ምሳቐዩ ብሞት ተፈልዩ፡፡ ድሕሪ ሞት በዓል ቤታ - እድሪስ፡ ሓሊማ ብዙሕ ጉሃየት፡፡ በዓል ቤታ ክፍሊያ ኸሎ፡ ፍቕሩን ናፍቖቱን ጥራይ ኣይነበረን ዝበርተዓ፡፡ ዘያዳኣስ ናብራ ኸቢዱ፡፡ ኑቶም ሰለስተ ዝፍቀዱ ውሉዳ ብዘይ ሓገዝ ኣቦ፡ከመይ ኢላ ከምእተዕብዮም፡ ጨነቓ፡፡ ናይዚ ምኽንያት ድማ እታ ግዜ እቲኣ ብበዓልቤት እትጥወር ግዜ ብምንባራ’ዩ፡፡ ሓሊማ ናብራ ሓሰምዋ፡ ብዙሕ ምስሓሰበት ናብቶም ኣብ ዓዲኳላ ዝምቕማጦም ስድራኣ ክትወስዶም ወሰነት፡፡ ንደቀይ ብዘይካ ምስ ስድራይ ምቕማጥ ካልእ ምርጫ’ውን ስለዘየሎ፡ ምስ እንዳ ስድራይ እንተዓብዩ ዝሓሸ’ዩ ኢላ ድማ’ያ ናብታ ንገለ ዓመታት ዝተቐመጠላ ዓዲ -(ከባቢ ዓዲኳላ) ዝወሰደቶም፡፡ እዚ ወሳኒ’ዚ ኑቶም ክልተ ነኣሽቱ ደቃ ብዙሕ ሞራል ዘሰንቐ ነበረ፡፡ ኑቲ ቦኽሪ ግዞ ዝበረ ዑስማን ግን ዝህውጽ ደኣ ኸኑ፡፡ ዑስማን ውዑይ ነበረ፡፡ ኣብ ዓዲኳላ ክነብሩ ብዝጀመሩ ክቕውም ዘይክኣለሉ ምኽንያት ድማ ቀንደስ ካብ ባህርኡ ዝቖለ’ዩ፡፡ በቲ ግዜቲን በቲ ዕድመኡ እቲን ኸኣ ሓንሳብ ኣብ እንዳ ኣደኡ፡ ገለ እዋን ድማ ናብ እንዳ ኣቦኡ እናኸደ፡ ይነብር ነይሩ፡፡ እዚ ኩነታት’ዚ ግዜ ምስበልዐ ኑቲ ዝጎብዘ ዑስማን ሓደ ነገር መዛሮ - ኣብ መንጎ ዓዲኳላን ገደምን ምቕናዩ፡፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነት ድማ ጸኒሑ ናብ ሸፍትነት ክሲግገር ቀሰቦ፡ እዚ ኣብ መወዳእታ 1930ታት’ዩ፡፡ በቲ ግዜ’ቲ እቲ ዓቢ ኩናት፡ ካልኣይ ኩናት ዓለም ይካየደን ብዙሓት ኤርትራውያን መንእሰያት ድማ ኣደዳ ዕስክርና መግዛእታዊ ሓይሊ ጣልያን ይኾኑን ስለዝነበሩ’ውን፡ ዑስማን ምስ ሰራዊት ጣልያን ከምዝዋሰከረ፡ ነታ ደሃዩ ኣሻቒልዋ ክትቅሎ እዋናት ዘቐጸረት ወላዲቱ ወረ በጽሓ፡፡

ነጋሪ ዛንታ ብዛዕባቲ ብተዛማዲ ብርሑቕ ሓወቦኡ ዝበጽሖ ዑስማን ክሓትት ናብ ብዙሕ ቦታታት ዘይፈሩን ብዙሓት ዓበይቲ ዓዲ ረኺቡን’ዩ፡፡ ቀድሚ ሳምንቲ፡ ኣብ ዓርበረብዕ ንዝምቕማጦም ዓበይቲ ዓዲ ረኺቡ ምስኣዘረበ፡ “ካብ እንዳ ጋዕሲ ኣብ እዋን ጥልያን፡ ፊለማ ዝሰፈሩን ጸኒሖም ዝዋሰከሩንሲ ክልተ እዮም፡፡ ንሳቶም ድማ ሓደ፡ ዑስማን እድሪስ ጋዓስ’ዩ፡፡ እቲ ኻልኣዩ ኸኣ መሓመድ ኣሕመድ’ዩ፡፡ መሓመድ ኣሕመድ በቲ ግዜ ምስ ዓስከረ ናብ ትሩብሊ (ጠራብሉስ) - ሊብያ ከይዱ ከይኣክል፡ ምስ’ቶም ዶግማይ መሬት ዓዶም ክስዕሙ ዘይበቐዐ’ዩ፡፡ ዑስማን እድሪስ ግና ናብ ትሩብሊ ብምኻድ ዘይኮነ ኣብ ዓድና ምስ ጥልያን ብምዃን ክሳብ እንግሊዝ ኣብ ጥንቅላሓሰ - ከረን ዘሰዕርዎም ኣብ ጉናም ተዋጊኡ፡፡” ኢሎም ሓብሬታ ዝኾኑዎ ጸወዩዎ፡፡

ኣብ ግዜ እንግሊዝ’ውን ዑስማን ምስ ሰራዊት እንግሊዝ ነበረ፡፡ ኩበል ኩበል ሃይለስላሴ ናብ ኤርትራ ምስኣተወ ኸኣ ምስ ሰራዊት ሃይለስላሰ ተኸትቡ፡፡ ጓለን ኑተን ፋጥማ ዝተሰምያ ሓብቲ ዑስማን እድሪስ ዝኾኑት ዛህራ፡ ንነጋሪ ዛንታ፡ ብዛዕባ ኣኮኣ ዝበጽሓ ዑስማን ከምዚ በሉቶ፡ “በቲ ግዜ’ቲ ወተሃደራት ሃይለስላሴ ዓዲታት የቃጽሉን የባድሙን ነበሩ፡፡ ናብ ዓድና ጉልዒ ዝወፍሩሉ እዋን’ውን ነይሩ፡፡ ከምዚ ኪጋጥም ኸሎ ዑስማን ብድሮ መጺኡ፡ ‘ጽባሕ ናብ ጉልዒ መጺእና እንፍጽሞ ሕማቕ ተግባር ክህሉ ስለዘኾነ ካብ ዓዲ ተኣሊኹም ጽንሑ’ ይብለና ነበረ፡፡ እቲ ክፉእ ክሳብ ዝሓለፍ ከኣ ተኸዊልና ንውዕል ነርና፡፡”

በቲ እዋናት ብቖልዓኡ እውን ዋዒ ዝበሮ ዑስማን፡ ብዘይ ሕጊን ስርዓትን ንሓንቲ በዓልቲ ዓርበረብዕ ኣጥሊሱ፡ ቤተሰብ ብዛዕባ ሕጊን ስርዓትን እንዳባን ምሕረ ዝግደሱ ብምንባሮም ኸኣ ኑቲ ጥንሲ ብዘምልከት ምእታው ምውጻእ ከልእዎ፡፡ ካብዚ ዕግርግር’ዚ ክሃድም ስለዝደለየ ኸኡ፡ ካብቲ ምስ ሃይለስላሴ ምስተኸትበ ኣዘውቲሩ ዝተቐመጠሉ ዓርበረብዕ ርሒቑ፡፡ ደሃዩ ክሰኣን ዝጀመረሉ፡ ጸኒሑ ድማ ጥራሽ ዝተቖብጸሉ እምበኣር ድሕሪ’ዚ’ዩ፡፡

ኩይቱ ግን “ኣብዚ ነይሩ፡ ኣብ ከምዚ ድማ ከምዚ ገይሩ’ዩ” ምባልሲ ኣይተረፈን፡፡ ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ነበር ሑሴን ዓብዱ፡ ንዑስማን ኣመልኪቱ ከምዚ በሉ፡ “ዑስማን ኣብ ሰራዊት ሃይለስላሰ ንዓመታት ምስጸንሐ፡ ናብ ገድሊ ኤርትራ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተጸንቢሩ’ዩ፡፡ ተጸንቢሩ ጥራይ ዘይኮነ እውን ኣብ ገድሊ ኸለና ንሓንቲ ቈልዓ፡ ‘እዚኣ ጓል ዑስማን’ያ’ ክብሉ ኣርእዮምኒ ነይሮም፡፡”

ካብቲ ነጋሪ ዛንታ ብዛዕባ ዑስማን እድሪስ (ሓወቦኡ) ዝረኸቦ ሓብሬታ፡ ቀንዲን ኣገዳስን ግን፡ እቲ ቅድሚ ክልተ ዓመታት ዝተቐልቀለ ነበረ፡፡ ዘመድ እንዳ ጋዓስ ዝኾነ ኣሕመድ ናስር ዝተሰምየ ሰብኣይ፡ ምስቶም ወናኒ ጀርዲን በዓል ላዓይተን (ጥቓ ነፋሲት) ዑስማን ኸሊል ካብ ዝሰርሕ ነዊሕ ኩይቱ ነይሩ፡፡ ሓደ ዕለት ዑስማን ኸሊል፡ ንኣሕመድ ናስር “እዚም እንዳ ጋዓስ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ዝጠፍአ ሰብ ኣለዎም ደዩ?” ክብሉ ሓተትዎ፡፡ ኣሕመድ ናስር ግን ኑቲ ዘረባ ግዲ ከይሃቡ ዝጠፍአ ሰብ ከምዘይብሎም መለሰ፡፡ ዑስማን ኸሊል ግን በቲ መልሲ ስለዘይዓገቡ፡ ደጊሞምን ደጋጊሞምን ሓተትዎ፡፡ ካብ ምድግጋም ሕቶ ዝተላዕለ፡ ኣሕመድ ናስር’ውን ዕረፍቲ ስለዝሰኣነ እምበኣር ናብ ማሕሙድ ሳልሕ (ሓው ነጋሪ ዛንታ) መጺኡ፡ “ዑስማን ኸሊል ዝተባህሉ በዓል ጀርዲን፡ ካብ እንዳ ጋዓስ ዝጠፍአ ሰብ ኣሎ ደዩ? እናበሉ ብሕቶ ስለዘዋጠሩኒ፡ ዝጠፍአ ከምዝየለ እናፈለጥኩ ተጠራጠረ” ክብል ተወከሶ፡፡ ማሕሙድ ድማ “ከመይ ዘይህልወና፡ ኣቦይ ኣብ ግዜ ናጽነት ወዲ ሓወቦኡ ክደሊ ክንደይ ከልቢትብት ከምዝበለ ኣይትፈልጥን ዲኻ? ዑስማን እድሪስ ዝበሃል ሰብ ኣሎና ዝጠፍአ” በሎ፡ ብታህዋኽ፡፡

እዚ ኣብ 2012 እዩ፡፡ ኣሕመድ ናስር ካብቶም በዓል ጀርዲን ሕቶ ዝሰምዓሉ ግን ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት ነበረ፡፡ ማሕሙድ ነዚ ምስሰምዐ ከይወዓለ ከይሓደረ ናብ’ቶም በዓል ጀርዲን ኣበሉ፡ “እቶም ነዚ ሓብሬታ’ዚ ዝሃቡኒ ሰብ ኣይድራሻ ከይገደፉለይ ስለዝኸዱ፡ ንዓኣቶም ረኺበ ነዚ ዘበልካኒ ንዓኣቶም ነገረን ሓደ ንጹር ሓብሬታ ኣጣለለ ከጽንሓልካ ምእንቲ ግዜ ክትህበኒ ኢኻ - ሓደ ዓመት ዝኸውን ግዜ” ዝብል መልሲ ምስተዋህቦ ግን፡ እቲ ጉዳይ ከምቲ ጎሚትዎ ዝመጸ ቀሊል ዝበለ ከምዘይኮነ ተገንዘቡ፡፡

እቶም በዓል ጀርዲንን ማሕሙድን ዝተራኸብሉ እዋን፡ ኣብ ክረምቲ 2012 ነበረ፡፡ ቈጸራኦም ድማ ኣብ ክረምቲ 2013 እዩ፡፡ ኩይቱ ግን ኑቶም በዓል ጀርዲን እርጋንን ሕማምን ኣደኪምዎም፡፡ ‘ምዝራብ ክሳብ ዝጸገመሰ በዩናይ እዋንን ብኸመይ ምኽንያትን ኩይናም’ ክሳብ ዝበሃል’ውን በጽሑ፡፡ በዚ ዝኣክል፡ ማሕሙድ ቈጸራኡ ሓልዩ ምስከደም፡ ዝበልዎ ዘይፈልጡን በጻሒኦም ዘየለልዩን ኩይኖም ረኺቦም፡፡ ኣብ ዝቐጸለ ዓመት - 2014 ድማ፡ ሳልሕን እዞም ክልተ ደቁ፡ ፊለማ ማሕሙድ ሳልሕ፡ ሕጂ ኸኣ ዑስማን ሳልሕ፡ ድቃስ ስኢኖምሉ ዘለዉ ድሃይ ዑስማን እድሪስ ጋዓስ ሐዚም ዓረፉን ንሓዋሩ ተቐብሩን፡፡



# ዳ የ ሪ

ሰ ራ ል / ሩ



## ራ ን ራ ን ሓይ

18 ሰ 2014 6 18 . .



ደ ወ ለ ሓይ ታ ም
ደለ መስል ለ ላ
ረ ላ ሓይ ር ን
ኩሉ ሳ ርጅ እ ህ እ
እን ላ ሕ ር ላን
ንስኢ እን ለ ሓ
ሪ ንሓ ና ል
ርሃ ና ይ ረ ና ምስ
ስለ ረ ማ ር ይ
ስመ ራ ሓይወ ሩንሓ
ሓይለይ ስለ ረ ንመ ል
ሃ ን ስ ን ምራ
ር ሪር ል
ራ ሓይ ረለይ ሀታ እ
ሎ ይ እልን እ ን
ም ሓይ ን እ ር
ላ ም ና ል ሉ
ስራሕ ሳኢ ርጅ ል
ረ እቲ መ ልቲ ረ
ል ን ሓ ሞኰሮ
ኩሉ ስም ታ ይ ደሚሩ
ምል ርጅ ሉ ሎ ም
ሎሚ ታ ታ ሕ
ን ል ል ረ ሓይ
ሪር ለ ለ ም ላስ ቲ
ምለኣ ምለኣ ይ ለ ሊ
ርጅ ኣለ ታ ምስ ሕ ህ ምን ር
ይ ሚ ሕሪ ምስ ን ስ ሓሲ
ሚ ሕል እታ ወ ሩሞ ን ስ
እ ሆን ሓይ ን ን ህ ይዙ
ሰር ሩ መይ ረ
ለ ል ላ ሃሪማ
ወ ሳሕ ላ ሰም
ራሩ ም ሕሓ ለ
ስእሊ እን ር ሙ እምሮይ
መ እ ሓሳ ሓሳ ሰም ሓሳ
ሪ ሓሳ ርሃና ሓሳ
ይም ና ሓሳ ም ሕ እ
እ ሩ ሃሪማ ሳሓ ርጅ
ሰይ ረለይ ይ ለን

ምንታይ ም ሕ ን ል ሓሳ መ
ራር እናረ ን ሓሳ ም ራ ን ሓደ ይን ል ን ይቲ ል ሉ
ስ ላ ላስ ልና ምር ና
እንታይ ን ረ ይ ን ን ልሳ መር እ ? ህይወ እ
ዳይ!? ንስኢ ለስ ላ ሰለማ ረ ?
ረ ን ለ ሓሊ ላስ ላ ምር ረ
ር ለስ ላ እ ? ወይ ን ለማ ን ን
ሎ? መ ለ ሪን ም ርሲ ን
ን ላ ቲ ን ላ ና ላ?
ን ሃ ም ልሰ እ ሩ ስ ላ ሃሰ ም
ስ ም ይ ር ንሚራ ን
እ ወደ መን ይሓስ እታ መ እ
መሬ ን ሓ ለስ ሚራ ን ይረ ሱቲ ሩ ሕ
ሽዩ ! ይም ለይ ር እና ለ መን
ለ ይ ሓ
ምን ር ም ላስ ዳ ረይ!?
ህይወ ሳ ለ ኩሉ ሳ ልሲ ሳምራ ሃንስ
? መ ስ ደ ል ላይ ረ
ደ ምሲ እ ይ ል ለሉ? ለ ስታንታ
ኩር ሕ ይ ሉ መን ሮ ን ለን
ምን ር ልሲ ህይወ ና

## ናይቲ መወዳእታስ መወዳእታ

ሓልሓለ 02 51 . . ሓሙስ 28 ን 2014

እ ይዳ ሪ ይእን ደ ሃለ ለይንስ ስ እ ቲ ኩሉ ስመ ስማ
ይ ሰ ስሳ ዳል ምስ ሰ ይ ረ ሉን ም ን
ም ስለ ይ ር ሊ ይስሕ ሊ ን ይርደ ል ን
ለ ን ኩሉ እንታይ ይ ር

ሎሚ ሉይ መ ለይ እደሊ ለ ለ ለ
ሪ ለይ ን ሉይ ረን መ ልታ ም ለ ል
ል እላ ወ ን ደሓን ሓ ስለ ይ ለይ ረ እ

ሕ ን ላስ ስ ለ እሞ እንታይ ሊ ለ ? ዳ ረይ
ዳ ለ ላስ ን ይ ልይቲ ምንታይ? ል ዳ ሪ
መ ም ርሂ ለ እ ስ ህልሉ ምህርቲ ወሉ ን እ
እ ናይ መወዳእታ ለ ናእ እ መወዳእታ ቲ ናይ መወዳእታ
መወዳእ ሓ ስ ሓ ይ! ሓ ለ መዛሪይ ራ ይ
ሌ ም ም ናይ ራ ይ መ መወዳእታ ላስ ማለ ናይታ መ
መወዳእታ ራይ ይ ን ሓደ ም ራ ናይቲ ን16 መታ ረ
ማዛሪይ ይ ሎሚ መ ልቲ ላስ ም

ምህርቲ ይ ዳእን ሉ ሓ እ ም ሓ ም ም! ን ር
ዳ ረይ ንመ መርታ እ ምህርቲ ል ና ስራሕ ለይ
ን ር ምናል ላ ሕሪ ምህርቲ እን ል ም
ናይቲ ን እ ሞ ለ

! ሊ ሕ ስ ይእ ለ ምሳ ላል እን ሚረ ደ መ ስ እ
ይ ሞ ናይ መወዳእታ ላስ ምስ ም ሕሪ ል ሰሙን ይረ ም
ም ደ ለይን መማህር ይ ሓ ር ስ ሚ ራ ና ም ሮ
ም ላ ም ስም ሚሩ መማህር ሳ መ እ ምስ ም ልሎም እንታ
ደ ስ እን ለ

ሎሚ ቲ ል ም ራ ንም ሕ መ ና ቲ
ይ ምለይን ደሃይ ም ይ ም ን ንኡ ና ወ
ናይ ረይ ምስ ረ ሓልሓለ ንመወዳእታ እ
ለ ስም ይ ረ ልለ ... ዳ ሪ ይ ር

ሰሚር ሆን

ሌ ን ን ስ - ን ሓልሓለ



## ደሓን ኰን

ረን 18 ሚ 2014



ሓይ ሪ ሪ ለ
ይወሓደን ም ር
ም ር ማለ ንኩለን ና ም
ማለ ሉ እን ለ
ል ይ እ ደ ኩሉ እን ና
እን እ ል ደረ ህሪ
ረ ! እና ል መ
ስ ር ወዳ ሮ
ል ና ን እን መሊ
ር እ ሎሚ ለ ሕ ረ እ ን ም ር
ረ ል ናን ለ ሃ ሊ ይ እስመ ንስ ን እ ም
ይር ንደ ናይ!?

ረ እን ለ ቲ መ ልወ እል ህሪ እናሓ
ይ ን ን ረ ቲ ሕልሚ ርንለይ ን ረ ናይ ይ
ን ስለ ሶማ ል ይ ሊ ል ንስ ን ናይ ደይ
ሰ ሪ ሕሉ! ን ም ማ ወ/ ሓረ እ

እቲ ይ እቲ ሎሚ እታ ረ ረ ል ይ ደም ምስ ን
እ! እ! ላ ደ ም ታ ሃል ል ን ኩሉ ቲ
ን ርና ም ር ራ ሰ ን ር ሩን እሞ
ደሓን ኰን!!

ሰሚራ ል ር

## ማ ረንሕ ሰሉ ይ ሮ

26 ን 2014 ሰን



ስለ ይንሰማማ ና ይን ንመስል እም ር እን ሶማ
ር ል ሊ መ ን ን ና ደ ን ን ን ላለ
ል ! ሌታ ና ን ሕ ን ን ይ ም ይንና ን
ና ለ ን ን ላለ ይንደሊ መና ስለ እን ን እን
ል እን ይ ራ ና እን ወሓደ ም ለ ን
ሰም ም ሰም ንደሊ ን ንሰማም ሉ ናይ ል ና ሕ

ም ሰሚ ል ም ለይቲ ስ ለ ላይ ርእ
ለ ር ስም ል ም ል ም መ
ምስቲ ለ ሕ ናን ርህሪሃን ረስ ረ ንሱ ይ ሕዳ ይህ
ስ ታይ እንታይ ሞ ህይወ መሰና ል እ ሞን ል ና ም ንምሕ ን ረ
መሰና ል ይ ን ይንሰማማ ረና ሎ ራ ሪ ዳይ ን ሪ ም ን ር ራ
ሓሊ ሓ እል ለን ታሕ እን ይ ናይ ል ና ልቲ ምን ር? ወይ ምሕ ል ሊ
ማ ይመስለ ን ሓደ ን ን ን ናይ ሓደና ምር ም ለ ኩሉ ም ሚን ና
ራ ሽ ንስለ ን ሓሰ ም ን ምስ ም ን! እ ን ል ና ሳማ
ል ሊ መይ ም ሊ ንስ ሕ ! ላ ለ ደል ን ል ርእሰቲ ናይ
ንስ እም ር ረዳ ለይ! ለ ላ ምቲ ንሳ ሪ ሓ ል
ምሪ ሉን ን ሰ ን ን ረ ን ሓሰ ላ ማ ቲ ደል ን ን ደለ ለ
ይዛ ህ ንን ን ራ ምእንታን ማሪ ን ይ ን ም ር ይ ምለእ
ል ና እን ር ን ም ላይን ም ርን ልእ እ ሎ ንሳ ን ም ዳ
ሉን ሰና ይ ን ል ና ማ ረ
ን ምሕ ይ ሪ ን ማመ ን ምር ም ታንና ሕዳ ሰሉ ይ ሮ! ን ል ሐ ስ
ይ ን!! ሓደና ም ሕ ስ ንሓደና ም ሕን ይሩ ደል ን ና ምር ን ናይ
ይደናደን ሎ ም ል ን ሳ መ ስ ? ም ልእ
ል ናይ ሓንቲ ሓ ን ለና ን ና እን እን ል
ቲ ናይ ሕ ር ና ሓ ን ስን ርና ለና ሮስ ደይ (ወ እም)

# እንታይ ትመኽሩኒ

ጥዕምዝጊ ተስፋይ

# ናብራ ምስ ዝወለደት የዋጽኣኒ ድዩ?

ኣብ ዕስራታት ዝርከብ መንእሰይ እየ። ምስ ሓንቲ ዝወለደት ጓል ሄዋን ፍቕሪ ሐዚና ኣለና። ኣብ ሓደ ክሊ ዕድመ ኽንከውን ኣዚና እንፋቶን ኢና። ወላ'ውን ዝወለደት ትኹን ምስኣ ክነብር እየ ዝደሊ። ግና ስድራይ ይቕበሉዋዶ እናበልኩ እሻቐል ኣለኹ። ምኽንያቱ ኣነ ኣይተመርዓኹን ኣይወለድኩን። ንስድራ ቤተይ ከመይ ገይረ ከረድኦም ከም ዝኽእል ምኽርኹም ሃቡኒ።

NR ካብ ዓዲ ባራ ከባቢ መንደፈራ

ዝኸበርካ NR፡ ብርግጽ ካብ ነዊሕ እዋን ኣብ ሕብረተሰብና ዝጸንሐ ልምዲ ብምህላዉ፡ ስድራ ቤትካ እውን በቲ ልምዲ ዝተጸልዉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንስኻ እውን ስድራ ቤትካ የስክፉኻ ከም ዘለዉ ኢኻ እትገልጽ ዘለኻ፡ ከምኡ ካብ ኩሉ በቲ ናይ ሕብረተሰብና ልምዲ ተጸሊኻስ 'ይቕበሉኒዶ ኣይቕበሉንን?' ኣብ ዝብል ሻቕሎት ኣለኻ፡ ምስ'ዛ ኣፍቂረያ ትብላ ዘለኻ ጓል ሄዋን ንሓዋሩ ናይ ምንባር ሓቀኛ ድልየት ኣለካ እንተ



ኰይኑ፡ ብቐዳምነት ብዛዕባ ክዕንቅፉኻ ዝኽእሉ ምኽንያታት እናሓሰብካ ኣይትማታእ። ድሕሪ ምውሳንካ ኢኻ ኑቶም ክገጥሙኻ ዝኽእሉ ዕንቅፋታት ብኸመይ ክትኣልዮም ከም እትኽእል ምሕሳብን ምድላውን ዘድልየካ።

ንስድራ ቤትካ ምስኣ ሓዳር ክትገብር ክትነብርን ከም እትደሊ ብግሁዲ ንገሮም። እቲ ቀዳም ነገር ስድራኻ ይቕበሉዎ ደዮም ኣይቕበሉዎን ዘይኮነስ፡ ንስኻ ነቲ ስድራ ቤትካ ዝሀቡኻ መልሲ ትቕበሎ ዲኻ ኣይትቕበሎን እዩ።

# ንጹታዊ ርክብ ይህውኸኒ ኣሎ



ጓል 17 ዓመት እየ። ንወዲ 26 ዓመት ሓወይ ትኸ ትንፋስ ዓርኩ ንረኽቦት ሓሪቱዋ። ኣነ ድማ ሕራይ ኢለዮ። ብፍቕሪ እናቐጸልና ከለና ሓደ መዓልቲ ንፍንው ጾታዊ ርክብ ሓቲቱኒ። ኣነ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን። ምኽንያቱ ታሪኽ ህይወቱ ወይ ድሕረ ባይታኡ ጸቡቕ ገይረ ስለ ዘይፈልጦ፡ ጾታዊ ርክብ ምስ ፈጺምና ክኸሕደኒ እውን ይኽእል'ዩ ኢለ ስለ ዝኣምንዩ። ብዘወሳኺ ድማ ክሳብ እዋን መርዓና ምስ ድግግልናይ ክጸንሕ እየ ዝደሊ። ካብ ዝሓተኒ ኣትሐዘ 'ኢይሓስበኩሉን ኣለኹ' እናበልኩ ንኸዳሾት ወርሒ ኣጸኒሐዮ ኣለኹ። ግና ይህውኸኒ ኣሎ። እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ካብ የ.ኢ. መንደፈራ

ሕጂ እውን ኣብ መርገጺኺ ጽኒዒ ኢና እንብለኪ። ኣብ'ዚ ዘለኽዮ ዕድመ ጾታዊ ርክብ ብብዙሕ መንገዲ ክሃስየኪ ከም ዝኽእል ግሉጽ እዩ። ብየብኡ ብጾታዊ ርክብ ንዝመሓላለፉ ሕማማት ቅልዕቲ ክትከውኒ ኢኺ። ብዚዩ መደብን ቃል ኪዳንን ዘጋጥም ጥንሲ እውን ሓደ ካብ'ቲ ሓደጋታት እዩ። ቃል ኪዳን ዘየሰሮ ርክብ ድሕሪ ምፍጻምኪ ኣብ ስነ ኣእምሮኺ ወይ ኣተሓሳስባኺ ዝፍጠር ነውጺ እውን ኣብ መጻኢ ህይወትኪ ጉዳኢ ምጉኡ ኣስተውዕሊ። ስለምንታይኪ ብዚዩ ዝኾነ ይኹን ወሓስቶት ጾታዊ ርክብ ምፍጻም የድልየኪ? ፍቕሪ ማለት ጾታዊ ርክብ ማለት ጥራይ ድዩ? ብፍቕሪ ኣብ ዝተቐራረብኩምሉ እዋን ኣትሓዚዙም ናይ መጻኢ መደብ ኣይሓንጸጽኩምን ዲኹም? ኣፍቃሪኺ ናብ ጾታዊ ርክብ ሸበድበድ ዝበሎ ዘሎ ምኽንያት ገለጸልኪዶ ይፈልጥ? ንሓዋሩ ብሓንሳብ ናይ ምንባር መደብ እንተ ድኣ ሃልዩኩም መደብትኩም ስርዑ። ኣብ'ዚ ሕጂ ስለ ዘፍቀርክዮን ካብኡ ክትፍለዪ ስለ ዘይደለኽን ጥራይ ኝሂወትኪ ኣብ ሓደጋ ኣይተእትዊ። ብዘኾነ ይኹን ምኽንያት ጾታዊ ርክብ ዘይምፍጻም ከም ዘዋጽኣኪ ጥራይ ኢና እንምዕደኪ።

# ቀስ ብቐስ ኣብ ዘይመደብና ደኣ ከይንጥሕል!



ምስ ሓደ ቅድሚ ዓመት ዝተላለኹዎ ወዲ ብስሒትን ፍቕርን ዝኑብር ዘለኹ ተማሃሪት ኮሌጅ እየ። ካብ ፈለማ ክሳብ ሕጂ ኣብ ትምህርተይ ግደስቲ መማህርተይ ይኹኑ ካልኦት ሰባት ከም ንፍዕቲ ተማሃሪት እዮም ዝፈልጡኒ። ንዓርከይ ኣመና እየ ዘፍቅሮ። ንሱ እውን ኣመና ከም ዘፍቅረኒ ካብ ዘርእየኒ ሓልዮት ይኹን ኣብዩ ዘለዎ ተገዳስነት ኣረጋጊጸ እየ። መደብና እውን ንግዜያዊ ዕርክነት ጥራይ ዘይኮኑ ኣብ'ቲ ዝወሰንናሉ ግዜ ቃል ኪዳን ኣሰርና ብሓባር ንኽንነብር እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ንዘኾነ ናይ ጓልን ወድን ነገር ተሃዊኽና ኣይንፈልጥን። ሕጂ ግን ኣብ እንራኸበሉ እዋን ናብ ጾታዊ ርክብ ገጽና ንደፋፍእ ኣለና። እቲ ደፍኢት ብኽልኡ ጥራይ ዘይኮነ ብኽልቴና እዩ። ካብ ወትሩ ንላዕሊ ነዕልልን ብሓባር ክንህሉ ንደሊ። ኣብ ትምህርቲ ዝበረኺ ተገዳስነት እውን እናንገደለ ዝመጽእ ዘሎ ኮይኑ ይስመዓኒ። ምስ ኣፍቃሪየይ ብስሒት ጸቡቕ ኢና ንነብር ዘለና። ክሳብ ብቓል ኪዳን ተቐሪኽና እንነብር ብኸመይ ተዓጊስና ክንጸንሕ ንኽእል?

MK ካብ ኣስመራ

ኣመና ምቅርራብ፡ ምልምማድን ምፍቃርን ኣብ መንገኹም ንዘህልዉ ወይ ዝፍጸሙ ነገራት ቀሊልቲ ክገብሮም ይኽእል እዩ። ምናልባት ኣብ ፈለማ ዕርክኺ እንተ ሓቒፈኪ ስኽፍታ ይሰምዓኪ ነይሩ ይኸውን። ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ምስ ዕርክኺ ምትሕቝቛፍ ብዙሕ ዘየስክፍ ወይ እውን ባህ ዝብለኪ ይኸውን። ድሕሪኡ ድማ ኣካል ንኣካል ተጣቢቕካ ምዕላል ምስዕዓም ብኡ ኣቢሉ ድማ ስምዒት ዝደረኸ ምትንኻፍ ትጀምሩ። እዚ እውን ኣብ ፈለማ ዘስክፍ ደሓር ግን ከም ልሙድ ትወስድዎ። ከምኡ እናበልኩም ድማ ናብ ካልእ ክትሰግሩ ትኽእሉ። ደቂ ሰብ ብምኽንያትኩም ስምዒትኩም ዘይትቆጻጸሩሉ ኢጋጥሚ ክፍጠር ይኽእል እዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ጾታዊ ርክብ ክትፍጽሚ ድልየት ካብ ዘይሃለወኪ ካብ ፈለማ ጉዱእ ስምዒትኪ እትዓግቲሉ ብልሓት ክተሰላስሊ ኣለኪ። እዚ ሕጂ ዘለኽዮ ኩነታት - ብጒዱእ መሓውርካ ናብ ጸድፊ እናሰጎምካ ንኸይትጸድፍ ፈንጠርጠር ከም ምባል ክምሰል ይኽእል።

ኣብ እትራኸቡሉ እዋን ካብ ጾታዊ ዝምድና ወጻኢ ዝኾነ - ዕቱብ ዕላላት እናምጸኣኩም ኣእምሮኹም ካብኡ ከም ዝእለ ግበሩ። ደላይኩም ንኽትፍጽሙ ናጽነት ኣብ ዝሀበኩም ቦታ ኣይትራኸቡ። ጸምዋ፡ ጸላም. . . ዝሀበኩም ናጽነትን ካብ ሰኽፍታ ናጻ ዝኾነ ኩነት ኣእምሮን ብስምዒት ኣኺሉ ናብ ጾታዊ ርክብ ክደፋፍኣኩም ስለ ዝኽእል ኣይተዘውትሩዎ። ምስ ካልኦይኪ ብዛዕባ መደብትኩም ደጋገምኩም ተዘራረቡ። ካብ ውጥንኩም ክትወጹኡ ከም ዘይብልኩም ንሓድሕድኩም መብጽዓ ተኣታተዉ። ልዕሊ ኩሉ ግን ንስኺ ምስ ጒዱእ ኑበሽኺ ቃል ብምእታው ንኑበሽኺ ዕቝቲ። ንጒዱእ ኑበሽኺ ኣደብ ክሳብ ዘይመሃርክዮ፡ ኣፍቃሪኺ ክከላኸለልኪ ኣይትጸበዩ። ልባዊ ውሳነ እዩ ዘድሊ'ሞ ተጠንቀቒ።

# ትንፈር እምበር ጤል'ያ. . . !

ኣብ ከባቢ 24 ዓመት እንርከብ ኣዕሩኽ ኢና። ካብ ኩላቶም ኣዕሩኽተይ ዝያዳ ንሱ ይቐርበኒ። ኣብ ሓድሕድና ንተሓላለኹ ንተሓጋገዝ ኩታ ኣብ ሂወትና ዱርጋ ሚስጢር የለን። ኣብ ርእሲ'ዚ ዓርከይ ሊግስን ርህሩህን እዩ። ኣብ ኩሉ መዳያቱ ውሉሓንቲ ዘውጽኣሉ የብለይን። ብዘይካ'ታ 'ትንፈር እምበር ጤል'ያ' ዝዓይነቱ ክትዕ። ብዘለ ኢጋጥሚታት ክትዕ ምስ ዝለዓል፡ ወላ ጭብጥታት እናቕረብኩሉ ብዓይኒ የብለይ ሰኒ የብለይ እዩ ዝኸታዕ። እንተ ዘይተረቲዕዎሉ ድማ ይሕርቕን ይሓርቕን። ወትሩ ኣብ ዝፈልጦን ዘይፈልጦን ጉዳይ 'ኣነ ዝበልኩዋ'ያ ሓቂ' በሃሊ እዩ። ኣብ ኩሉ መዳያትና ሰላም እናሃለና በዚ ንገራፎ ኣለና'ሞ፡ ብኸመይ ካብ ከም'ዚ ዝበለ ባህሪ ክኣልዮ እኽእል?

ካብ ፈታዊ ዓርኩ - ኣስመራ

እዚ ባህሪ'ዚ ኣብ ሓያሎ ሰባት ዝረአ እዩ። ፈላጣት ናይ'ዚ ዓውዲ በቲ ዘለካ ዓቕምን ጸጋቕን ንጒዱእ ኑበሽካ ከተፍቅራ ዘይምኽኣልን ካልእ ሰብ ክትመስል ካብ ምድላይን ከም ዝበጽሕ ይገልጹ። ዓርክኻ 'ኣነ ልዕሊ ኩሉ ሰብ ፈላጥ እየ' እዩ ዝብሎካ ዘሎ። ንኣእምሮኡ በዚ ኣተሓሳስባ ስለ ዝቓጸ ከኣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ክትዕ እንተ ተረቲዑ፡ ካብ ሰባት ንታሕቲ ዝኾነ ይመስሎ። ከም'ቲ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኣእምሮኣዊ ኩነት መጸናዕቲ ዘካየዱ ፈላጣት ዝበልዎ፡ እዚ ባህሪ እዚ ካብ ኑበስ ምትሓት ዝበገስ እዩ። ዓርክኻ ብጒዱእ ፍልጠቱ ዕጉብ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ድማ ንሰባት ፈላጥን ክኢላን ምዃኑ ንኽርኢ. ኣብ ዘይፈልጦ ዓውዲ ዋና ክኸውን ህርዲግ ይብል ኣሎ።

ስለ'ዚ - ኣብ'ቲ ንሱ ዝፈልጦ ዓውዲ ተመርኲሱ ንዘይምጽኡ ሓሳባት ኣድንቐሉ። 'ትንፈር እምበር ጤል'ያ' ኣብ ዝብለሉ እዋናት ግን፡ መርትዖታት እናቕረብካ ከተእምኖ ካብ ምፍታን ኣይትብገር። ምኽንያቱ - ንኸይሓርቕ ኢልካ ንምጉይ ሓሳቡ ወትሩ እንተ ድኣ ትቕበሎ ኴንካ፡ ናይ ብሓቂ ፈላጥ ዝመስሎ ኩይኑ ስለ ዝስመዖ እናገደደ እዩ ክኸይድ። እዚ ኩነታት ዝገልጽ ናይ ስነ ኣእምሮ ጽሑፋት ንኽሽንበብ ተሓጋገዞ። ወላ'ውን ብጠርህኻ ከም ዘምጽኣካሉ ኣምሰልካ መጽሓፍ ከተበርክተሉ ትኽእል ኢኻ። ብዘወሳኺ እውን ካልኦት መጺሕፍቲ ከም ዘንብበን ፍልጠት ከም ዘዋህልልን እንተ ጌርካዮ፡ ኣተሓሳስብኡ እናሰፍሐ ብዝመጸ በብቑሩብ ካብ ኑበስ ምትሓት ክገላገል ይኽእል እዩ። እንተ ድኣ ክትዕ'ኹም ንዕርክኹትኩም ብኣሉታ ዝጸልዎ ዘሎ ኮይኑ ተሰሚዑካ ከኣ፡ ክሳብ ኣብ ጒዱእ ርእሱ እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘሕድር ናይ ክትዕ ማዕጾታት እንተ ለኳትኦም ይምረጽ።

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ዘውዲ ዑቕባሚካኤል ወልደማርያም በዓል ቤተይ ኣቶ ምስግና ብርሃ ፀንቱራ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 12 ደቂና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቶማስ ከበደም ሃብተማርያም፡ ሓትና ወ/ሮ ሮማ መንግሻ ካሕሱ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 16 ተተኽእቲ ደቂ ኣሕዋታን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ወ/ሮ ትብለጽ ግርማይ ገብረሚካኤል በዓል ቤተይ ኣቶ ዳዊት ሃብተ ከፈላ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወረሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ናጽነት ተወልደ በዓል ቤተይ ኣቶ ሽመንዲ ተስፋጊርጊሽ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤደን ተኽለይ ኣድሓኖም፡ ወላዲና ኣቦና ኣቶ ተኽለይ ኣድሓኖም፡ ኣደና ወ/ሮ ገብርኤላ ዓብ ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ ፖራዲዞ ጸጸራት

ሉተሚካኤል ኣይንኣለም ተሰማ፡ ወለድና ኣቶ ኣይንኣለም ተሰማ ኣልመዶምን ወ/ሮ ሉተስላሴ ሰቑር ሃብታይን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልጋሽ ሃብተ ወልደሩፋኤል፡ ኣቦይ ሃብተ ወልደሩፋኤል ስበሃቱ ስለዝሞተ፡ ኣነ ሕጋዊት ወራሲት ናይ ወላደየይ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ለምለም ሰረቐብርሃን ሃይለ በዓል ቤተይ ተኽለይ ዞሚካኤል መንዝል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ጻዕዳ ክርስትያን

ማደሊና ጊላይ ተኽሉ፡ ስም ኣደይ ሉኡላ ገብሩይ ዓንደብርሃን ምባል ተረፉ፡ በሉጡ እያሱ እምባዩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ረዘ ይክኣሎ ሚኤል፡ ሓፍተይ መርሃዊት ይክኣሎ ሚኤል ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ እምባደርሆ

ኣቶ ግርማይ ይሕደጎ ወ/ኣጠዘ፡ ሓፍተይ ምልእተ ይሕደጎ ወ/ኣጠዘ ስለዝሞተት፡ ከምኡ'ውን ወላዲ ስለዘይብላ ወለደና'ውን መውቲ ስለዝኾኑ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰላዕ ዳዕሮ

ኣለም ገብረትንሳኤ ገ/መድህን በዓል ቤተይ ባየረ ካሕሳይ ሃብታይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መርሓኖ

ወ/ሮ የሃና ማሪቆስ ዑቕበ በዓል ቤተይ ፊልሞን ኒጋ ተኽለ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወረሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምም/ከባቢ ከረን 03

ኣቶ ቀለተ ኣርኣያ ተከፋራይ፡ ኣቦይ ኣርኣያ ተከፋራይ ምስ ወላዲተይ ስለዝሞቱ፡ ኣነ ናይ ኣቦይን ኣደይን ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓደምሃገር

ወ/ሮ መድህን ኣርኣያ ኣሚን፡ ኣሕዋተይ ብዕለት 27/12/2001 ብቑጽሪ መዝገብ 13/2013 ኣብ ኮ/ቤ/ፍ ከበቢ ዓድታት ዓደምሃገር ናይ ኣቦና ኣፍ/ኣርኣያ ኣሚን ገብረን ናይ ወላዲትና ኣፍ/ለተጸየን ሃበሉ ወልደርፋኤል ብውርሲ ዝበጽሓና ገዛ ወሀብቶ ስለዝሃበ፡ ክጸድቀለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ድባርዋ

ሃብተስላሴ ሓይልሚካኤል ኣርዓዶም፡ ንወዲ ሓወይ መዋቲ በርሄ ወልደርፋኤል ሓይለሚካኤል ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዝዋገፊት

ምጽላል ተስፋይ በዓል ቤተይ ኢያሱ ኣብርሃ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዑና ዓንዶም

ከሰሲት ወ/ሮ ኣልጋሽ ሰለሙን ዑቕባሚካኤል ምስ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ኣቶ ተስፋኣለም ጎይትኦም መሰናዊ ብሕጋዊን ልምዲ ሃገር ተመርዲና፡ 2 ቆልዑት ወሊደና፡፡ እንተኾነ በዓል ቤተይ እስራኤል ካብ ዝኸይድ 4 ዓመቱ ገይሩ፡፡ ኣብዚ ውሽጢ 4 ዓመት ከም በዓልቲ ቤቱ መጠን ክኣልየንን ክናብየንን ስለዘይከኣለ፡ ኣነ ድማ ብዘመድ ሽማግለ መፍትሒ ቃልኪዳን ከውርደለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ምጽዋዕ

በርሀ ተስፋዝጊ ተላ ምባል ተረፉ፡ ብርሃ ተስፋኣለም ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


## ኣማኒት



በዓልቲ 2 ኮኾብ
ኣማኒት ዘርእስታ ፊልም
ንሰንበት ዕለት 27
ሓምለ ኣብ ሲኔማ ሮማ
ተዳልያትልኩም ኣላ፡፡

ደራሲት፦
ወይኒ ተወልደ(ሰሎሜ)

ዳይረክተር፦
ስምኦን ሓጎስ

## ብስራት ንወለዲ ተመሃሮን ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን

High school Physics ዘርእስታ መጽሓፍ



※ ናይ 12 ዓመታት ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (Matriculation questions) ንነፍሲ ወከፍ ሕቶ ብዝርዝርን ንጹርን መልሲ ዝሓዘት
※ ሓጸርቲ መብርሂታትን መግለጺታትን ዘካተተት
※ 280 ስእላዊ መግለጺታት ዘለዋ
※ ኣብ ማትሪክ ልዑል ውጽኢት ንኽትረኽቡ ትሕግዝ

ከምኡ'ውን



A comprehensive guide to high school physics

ዘርእስታ ካብ 9-12 ክፍሊ ንዘለዉ ተመሃሮ ዘገልግሉ ዝተዋጽኡ ክልስ ሓሳባት፡፡ ብርክት ዝበሉ ዝተሰርሑ ግድላት ስእላዊ መግለጺታት ተወሳኺ ሓገዝቲ ሕቶታት ዝሓዛ ኣብ መሸጣ ኣብያተ መጽሓፍቲ ተዳሊየናልኩም ኣለዋ፡ ገዚእኩም ተጠቐሙለን

ንተወሳኺ ሓበሬታ ቴል 07237770 ሰለሙን ወልደጋብር

## Abeba Hair Dressing Training Center

## መሰልጠኒ ስነ-ጽባቐ ኣበባ

ትካልና ንኹሉ ደላዪ ትምህርቲ ስነ-ጽባቐ ብሙኩራት መማህራንን ብዓለምለኻዊ መጽሓፍቲ ተመርኲስና (Theory and Practical) ስልጠና ንህብ፡፡

**እንህቦ ትምህርቲ**

※ መባእታ ትምህርቲ ሞያ ስነ-ጽባቐ * ያታውን ዘመናውን ቁኖ
※ ኣነቓቕሻ (ምንቃሽ ንምህር) * ዝተፈላለዩ ዲዛይናት ኣፈሻሽላ
※ ናይ ኢድን እግርን ምጽብባቕ (Manicure and Pedicure) እዝን ካልእን ንምህር

ኣብ መወዳእታ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ቅቡል ዝኾነ ምስክር ሰርቲፊኬት ንህብ ምዃንና ንሕብር፡፡

ብልጫታትና

- ኢንተርናሽናል መወከሲ መጽሓፍቲ
- ንምምሃር ምቹእ ዝኾነ ቦታ

ኣድራሻና
ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ፊት ላተርያ ላ ዶልቸቪታ ጎኒ ኣድቫንስድ ኮምፒተር
ቁ.ቴሌ ኦፌስ 110418 ሞባይል 07418647

## ብስራት ንኣንበብቲ

ብፍጹም እምሃ ዝተደርሰ ክልተ ሓደስቲ ልብ-ወለድ መጻሕፍቲ ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሐን ኣለዋ!



ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ.ቴለ 07123834

## ዓቢ ምጉዳል ዋጋ

ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንኣመንቲ ምስልምና ድማ ብፍላይ እንቋዕ ናብ ዒድ ኣልፈጥር ኣብጸሓኩም ዒድ ሙባረክ እናበለ ሰናይ ምንዮቱ ይገልጽ፡፡

ትካልና ብምኽንያት በዓል ዒድ ኣልፈጥር ንዓበይትን ንናኣሽቱን ክልቲኡ ጾታ ዘገልግሉ ፍርያት ምህርትና ንዝኾኑ፦

ማልያታት፡ ብራቴሊ፡ ፒጃማ፡ ጃኬት፡ ስረ፡ ካምቻ፡ ኮምፕላስዮኒ፡ ጋውን፡ ኣንሶላ፡ ኮፕረሌቶ . . . ወዘተ

ካብ 21 ሓምለ 2014 ክሳብ 03 ሓምለ 2014 ዝጸንሕ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበረ ንዓማዊሉ የበስር፡፡

ዓማዊልና ናይ'ዚ ንዝተወሰነ ጊዜ ዝጸንሕ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ተጠቀምቲ ክትኮኑ ብኽብሪ ንዕድም፡፡

**ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ሰንበት**

ካብ ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ክሳብ ሰዓት 1፡00 ድ/ቀ
ካብ ሰዓት 3፡00 ድ/ቀ ክሳብ ሰዓት 7፡00 ድ/ቀ
ኣድራሻና፦ ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ ቴሌፎን 182967

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company PLC is inviting interested applicants for the positions of;

1. **Drill Mechanic (04)**

**Major Duties and responsibilities:-**

- Maintains safe and clean working environment by complying with procedures, rules, and regulations.
- Ensured operation of machinery and mechanical equipment by completing preventive maintenance requirements on production machines, engines, motors, pneumatic systems, following diagrams, sketches, operations manuals, manufacturer's instructions, and engineering specifications, troubleshooting malfunctions.
- Knowledge of KPI's on all equipment
- Locates sources of problems by observing mechanical devices in operation, listening for problems, using precision measuring and testing instruments.
- Removes defective parts by dismantling devices using hoists, cranes and hand and power tools, examining form and texture of parts to determine failures.
- Determines changes in dimensional requirements of parts by inspecting used parts, using rules, calipers, micrometers, and other measuring instruments.
- Understands and is familiar with basic hydraulic systems.
- Controls downtime by informing production workers of routine preventative maintenance techniques, monitoring compliance.
- Maintains equipment, parts, and supplies inventories by checking stock to determine inventory level, anticipating needed equipment, parts, and supplies, placing and expediting orders, verifying receipt.
- Conserves maintenance resources by using equipment and supplies as needed to accomplish best job results.
- Provides Mechanical maintenance information by answering questions and requests for team members and supervisors.
- Prepares Mechanical maintenance reports by collecting, analyzing and summarizing information and trends.
- Maintains Technical knowledge by attending educational workshops, reviewing technical publications, establishing personal networks.
- Maintains continuity among work teams by documenting and communicating actions, irregularities and continuing needs.
- Contributes to team effort by accomplishing related results as needed.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | Relevant level of competency as a Diesel or HME Mechanic<br>Certificate of Competency<br>Minimum of 5 years as a Mechanic |
| Working Experience – Nature & Length | 5 years' experience as a Diesel or HME mechanic. |
| Leadership Experience – Nature & length of time | None required but would be an advantage. |
| Other skills and abilities | Driver's license grade 2 |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: Bisha.
- **Type of contract:** Indefinite period
- **Salary:** As per Company salary scale.
- **Additional requirement for Nationals:**
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to;**
**Bisha Mining Share Company**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# VACANCY ANNOUNCEMENT

The College of Education, Eritrea Institute of Technology (EIT), would like to recruit qualified lectures and graduate assistants who fulfill the underneath stated requirements for the departments of **English Language Teaching** and **Science Education**.

| Department | Required Number | Qualification: Lecturers | Qualification: Graduate Assistants |
|---|---|---|---|
| English Language Teaching | 3 (Lecturers)<br>6(Graduate Assistants) | M.A in English from a recognized University | B.A. in English from a recognized University |
| Science Education | 3 (Lecturers)<br>4 (Graduate Assistants) | M.Phil/M.Ed in Science Education/ Curriculum and Instruction/ Pedagogy/Mathematics Education or related field in Education from a recognized University | B.Sc. in Chemistry , Physics or Mathematics with minor in Education from a recognized University |

**Work Experience:**
Three years and above teaching and research experience.

**Requirements:**
Along with your application, enclose:

- ✓ Curriculum Vitae.
- ✓ Copies of supporting educational and experience documents including transcripts.
- ✓ Two letters of recommendations from previous lecturers and/or present superiors.

**Deadline:** 15 days from the date of issue in the newspaper.

Only short listed applicants will be contacted for interview.

Interested and qualified applicants should submit their applications to the Dean's office, the College of Education, Mai-Nefhi during working hours.

## ERITREA INSTITUTE OF TECHNOLOGY
## RRESEARCH AND APOSTGRADUTE STUIES (RPS)

# ACADEMIC REQUIREMENTS FOR POSTGRADUATE STUDIES ADMISSION

The Eritrea Institute of Technology (EIT) invites applications from eligible candidates for Master of Science degree in Biology, Chemistry, Mathematics, and Physics for the Academic Year 2014/2015.Please note that Postgraduate Studies is **NOT** free and applicants should indicate how they intend to finance their studies (self, scholarship, others).

**Minimum Academic Requirements:**

1. Bachelor's degree (BSc) in related field
2. A Cumulative GPA of **2.75**

**OR**

A Major GPA of **2.75** and a Cumulative GPA of **2.50**.

**OR**

A Major GPA of **2.60** and a Cumulative GPA of **2.40** (for female applicants only)

**OR**

A Major GPA of **2.60** and a Cumulative GPA of **2.35** and a Major GPA of **2.60** obtained after making concession of **0.05** in each of the following:

- at least five **(5)** years of related work experience,
- short term training in a related field of study, and
- published articles, research paper, manuals, etc.

**Documents to be submitted:**

| | |
|---|---|
| i) Filled Application Form | ii) Official Academic Transcript |
| iii) Certified Degree | iv) Recommendation Letters: 1 from current employer and 2 from former instructors. |

**Please note that Application Form and Recommendation Letter Form can be obtained from the Office of Research and Postgraduate Studies at EIT, Mai Nefhi.**

**Date of collection of Application Form and Recommendation Letter Form from EIT: starting from the date of announcement of this Notice up to 25 July 2014.**

**Deadline for submission of the completed forms accompanied with copies of degree certificates and academic transcripts to the RPS is on 05 August 2014.**

# ተኸታሊ ዛንታ

28 ክፋል

**ተኸሳ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃማመተኤ ብስም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዳደሞ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ከሎቴል ብዝዐበል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።**





ን ም ስሃ ን

ነጥሪ ከምቲ ከሉ ግዜ ክሓርቕ እንከሎ ዝዙብሮ ካብ ጁባኡ ቁጽሪ ዘይብሉ ሽጋራ እናወጽአ ክወልዕ ተረእየ። እቲ ምስኡ ተቐሚጡ ዝነበረ ኣቶ ዘርእዝጊ ናይ ሽጋራ ትኪ እናዓበሾ ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ናብ መኻርሕቱ ኣድሂቡ ነበረ። "ደሓን ሕራይ!" ነጥሪ ኣብ ቅድሚኡ ጸላኢኡ ከም ተቐመጠ ርእሱ እናንቐቐ ሓንሓነ። ኣቶ ዘርእዝጊ ኣብ እንዳ ኣቶ ሳምራዊ ከይዱ ዝረኸቦ ናይ ካሕሳ ግብረ መልሲ ምስ ሓበሮ'ዩ ነጥሪ ብሕርቃን ክቃጸል ተረእየ።

"ዝደለይዎ ምስ ሰኣኑ ዝኣብይዎ ይልምኑ' ይብል ነይሩ ኣቦይ። እቲ ክብሪ ዘይብሉ ሰብ ክርሾ ምስ ጀመረ'ዩ ምሕረት ኣብ ኣድ ሰብ ከም ዘላ ዝፈልጥ። እዚኣቶም ድማ ዝቐረበሎም ካሕሳ ካብ ዥግዎ ክመሓሩ ዝልምኑሉ እዋን ከም ዝኸሪቐዩ ዘርእየ። ኣንፂቐዋ ኣብ ዓለም ንመን ዝያዳ ከም ትፈልጥ ምስ ተሓተት ንደሙ ኢሎ'ያ መሊሳ። ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ምስ ቀረበላ 'ነቲ ዘሰግኣካ ክትሕልዎ ክትብል ከይፈተኻ ኢኻ ዝያዳ ካልኦት ትፈልጦ' ብምባል መሊሳ። እዞም ዘቐረቡሉም ካሕሳ ዝተሓሰሙ ሰድራ ድማ ሕሱም ምኽንያቱ ዝያዳ ክፈልጠኒ እንተዘይኪዩናም ድሕሪ ሕጂ ዝረኽብዎ ክህልዎም ኣይኮነን።" ልዕሊ ዓቕን ኣገባቢዑ።

"እቲ ወጸዓ ግና ኣብ ልዕሊ ፋትኤል ከይከወን ስግኣት የለን?" መልሲ ከም ዝጸበ ኣዒንቱ ኣብ ልዕሊ ነጥሪ ጸመደ።

"ፋትኤል!" ስም መራሕ መኪናኡ ጠቒሱ ኣሰኑ ኀጺ። "ፋትኤል ዝረብሕ ሰብ ደዩ ዝመስለካ ዘሎ? ንዘበረሉ ኣድ ክቖርጽ ዝመጣጠር መንእሰይ ምኽኑ ኣነ ጥራይ'የ ዝፈልጥ። ስለዚ ብዛዕባኡ ብዙሕ ኣይትሕሰብ።"

"ኩሉ ኣሰራርሓና ስለ ዝፈልጥ ሓደጋ ኣይህልዎን ትብል?"

"መን ኣንታ፡ ፋትኤል?" ዝበረሞ መሰሉ። "ሓይሊ ፋትኤልን ሓይሊ ፋንድያን ፍልልይ የብሎምን። ፋንድያ ንኣደጊ ካብ ምዝቕኻር ወጻኢ እንታይ ጥቕሚዶ ኣለዎ'ዩ? ነቲ ዝሻሸወ ፍጥረት ምዝቕኻሩ ድማ ከም ኣርካሒ ከቛጽሮ ኣይክእልን'የ።" ክምስታ ኣሰጸ ጠመቶ። "ኩሉ ዝሩብሕ ከልቢ'ወን ዝኖኸስ ከም ዘይኮነ ኣይትዘንግዕ። ፋትኤል ግዳ ካብ ኩሉ የብሉን ኣይሩብሕ ኣይናኸስ። ኣይትሰግእ ዘርእዝጊ። ካብኡም ሲ ዘይብሎም ኣናብስ ዝሶዕእ ፍጡር የለን። እታ ዓቕሚ ክጥቀመላ እንተፈቲሑ ድማ ኣብኣ ደረኽቡ።" ኣዕሩ ሽጋራኡ ብዕምቆት ሰሓበ። "ናይዞም ሰድራ ጉዳይ ብኸመይ ክፍታሕ ኢኻ ትደልዮ ዘርእዝጊ?" ኑቶም ናብ ኣየር ዘበነም ናይ ሽጋራ ትኪ እናተዓዘበ ሓተተ።

"እዋእ!" በለ ኣቶ ዘርእዝጊ ዘይሓሰቦ ሕቶ ስለ ዝቐረበሉ ግር እናበሎ። "ኣብ ሕጊ ጸቒጥም'የም ዝዘረቡ ዘለዉ። ሕጊ ይፍረደና በዞልቲ'የም። በቲ ዝበልዎ ምኻድ'ዩ እምበር እቲ ሓቲ'ዮም ዘለወስ ኣማኢት ኣሸሓት'ዩ።" በለ ኣቶ ዘርእዝጊ መፍትሒ ከም ዘምጽአ ተረዳእዎ ኣእዳዉ ኣጣምሩ።

"ሕጊ!" ኣቃጨጨ። "እምበት ሓደ'ዩ ዘርእዝጊ። ኣነ ንመን ከም ዝኣምን ድማ ንኣማንን ንመንግስቲ ሰደደለይ እሞ ከርእየካ'ዩ።"

"እሸካ ደኣ ኣብ ፈጣሪ" ሰሓቐ ዘርእዝጊ።

"ቀሺ ዲኻ ገይርካ!" ኣላገጸ። "ኣብ ሓደ ጽሑፍ እንታይ ዝብል ኣንበብ ኣለኹ መሰለኒ፡ ኣቐሽሽቲ ኣብ ሓይሊ ፈጣሪ ፖለስ ኣብ ሓይሊ መንግስቲ ይኣምኑ። እዚ ምስ ኣንበበኩ እዮም ንኽልቲኦም ዘይንኣምኖም ኣብይ'ዩ ቦታና ዝብል ሕቶ መጺኡኒ።" ዘረባኡ ኣሰሓቕዎ ክሳብ ንብዓት ዝስዕሮ ሰሓቐ።

"እሞ ነቲ ሕቶ ነብሰኻ እንታይ ኢላ መሊሳቶ?" ኣቶ ዘርእዝጊ ንሰሓቕ ናይ ሓለፈኡ ተኸቲሉ እናሰሓቐ ሓተቶ።

"ኣብ ሰይጣን ክትኣምን ከም ዘይኮኑት ጥራይ'ያ ሓቢራትኒ" ብምባል ካብ ጁባኡ ተወሳኺ ሽጋራ ኣወጽአ።

***

"ኣንታ በረኸት!" ፋትኤል ንፈለማ እዋን ድሕሪ ናይ ዓመታት ምፍልላይ ንወዲ ኣሃድኡ ነበር ምስ ረኸቦ ዳርጋ ሕልሚ ኮይኑ'ዩ ተሰሚዕዎ። "ኣንታ ከመይ ገይርካ ደኣ ዘከርካኒ?" ካብ ኣሃድኡ ዝሓተተሉ ሰብ ክህሉ ትጽቢት ስለ ዘይነበሮ ካብ ምግራም ከይረሓቐ ሓተተ።

"ኣንታ ከመይ ገይርና ክንርስዓካ፡ ንሸኻ ኢኻ ረሲዕካና" በሎ በረኸት ቀዉ ኣሉ እናጠመቶ። "ብድሕሪኹም ኣሃዱና ጸምይዋ'ዩ።"

"በዓል በረኸት ምስ ዛ ሃገር ኪዳን ኣለኩም። ከመይ ገይርኩም ክሳብ ሕጂ ተጻዊርኩም ኣለኹም ግርም'ዩ ዝበለኒ" በለ ብኢዱ መንከሱ ደጊፉ ምግራሙ እናገለጸ።

"ኣንታ ፋትኤል፡ በዓል መኩነ ሰናይት፡ ሮቤል፡ ወዲ ሰገድን ካልኦት ደቂ ኣሃዱና ሰወኣት እናተረኣዩና ደኣ ከመይ ገይርና ሃገር ሓዲግና ክንከይድ! እዛ ሃገርሲ ሃገር ሰወኣት'ያ እምበር" ዝን በሉ።

"እወ ንስስ ሓቕኻ!" ፋትኤል እቲ ዘረባ ንዕኡ'ወን ዝን ስለ ዘበሎ ርእሱ ደፊኡ'ዩ መሊሱ። "ግና ናተይ ጸገም ትፈልጦ ኢኻ። ኣደይ እንገራ ሰሽኪታ ኣዕብያትኒ ክሳብ ዝኣርግ ድማ እንገራ ሰሽኪታ ክትናብዩ ክጸበ ኣይክእልን'የ። እዚ ጉዳይ ኣብ ነብሲ መንእሰያት ዝዘሰቕለ ዘርዝርዩ ዘይወዳእ ገመድ'ዩ። ክንደይ ግዜ ኣደይ ነምዚ ኩይና እናበልኩ ከፍቅድ ክሩበር! እምበር ሃገር ንኽልና ማዕረ ከም ትብጽሓና ዘንገዐ ኣይኮንኩን። በዓል ኣኽሊሉ ድማ ምጉዳል ከለኣሙና።"

"እዝስ ሱቕ ኣልካ'ዩ!" ተቛወሞ በረኸት። "ኣብ ቤቱ ምስ ሓዉ ተባኢሱ ቤቱ ዝሓደግ እንተሎ ንሱ ጥራይ'ዩ ሕማቑ። ኣነ ኣይትሓዝለይ'ምበር ብኸምኡ ምኹብላልካ ናይ መውጽኢታ ሕምቀት ኮይኑ'ዩ ዝስመዓኒ።"

"ከመይ?" በለ ፋትኤል ኣዒንቱ ኣፍጢጡ። ናይ በረኸት ግብረ መልሲ ጸቡቕ ስምዒት ኣይፈጠረሉን።

"ጸገም ከም ዘለካ ኩሉ ሰብ'ዩ ዝፈልጥ። ግና ሕጂኸ ጸገም ናይ ኣደኻ ፈቲሕካዶ?" ቀዉ ኣሉ ጠመቶ። "እዚ ሕቶ'ዚ ኣይመልስኻዮን። ዝኸም ቢሒብ'ዩ ኣደኻ ኣብታ ቀደም ዝነበርኣ ክትፈርስ ለሚጸባሕ ትብል ዘላ ግድግዳ'ዩ ረኺበዮ። ኩብለልካ ንኣደኻ ዝሓሸ ናብራ ኣየምጸኣካለን። ኣሁን ንሸኻን ማዕረ ኳኻና ኣለና። ኣነ ግና ስለ ዘይኩብለልኩ ካብኻ ዝሓይሸ ኩይኑ እሰምዓኒ። ካልእ ኩሉ እንተተረፈ ኩሉ ተጻዊረ ንሃገረይ ብቐንዕና ሰሪሐ'የ ኢለ'ኳ ጸባሕ ራህዋ ምስ መጸ እዘረብ።"

"ስማዕ እንዶ. . ." ፋትኤል ሃንደበት ተዛወኸ። "ገዛና ደኣ እንታይ ክትገብር ከይድካ?" ስግኣት ተሰሚዕዎ ዕትብ ኢሉ ሓተተ። ካብ ኣሃድኡ ናብኡ ተላኢኹ ዝመጸ ከይከውን ስግኣት ነበሮ።

"ደሓን ከዕልለካ'የ ኣይትተሃወኽ! ኣደኻ ሕጂ'ውን ኣብ ኣገልግሎት ከም ዘለኻ'የን ዝፈልጣ ዘለዋ። 'ምስ መንግስቲ'ዩ ዘሎ' እየን ኣለናኒ። ኣብይ ዲኻ ዘለኻ ፋትኤል? ኣብ ኣሃዱና ከም ፐርሶናል ማጠን ዝፈልጦ እንተሎ ከም ዝኹብለልካን ካብ ዓቕሚ ሰብ ከም ዝወጻእካን'ዩ" ደፍር ኢሉ ሓበሮ።

"እዋእ!" ፋትኤል ከበድ ስግኣት ተሰምዖ። ንበረኸት ቅድሚ ሰለስተ ዓመት'ዩ ዝፈልጦ። ኣብቲ እዋን ቅኑዕን ሓቀኛን ምኻኑ'ዩ ዝኣምን ነይሩ። ሕጂኸ ዝብል ሕቶ ግና ንጹርነቱ ኣየረጋገጸን። 'መን ይፈልጥ ተለዊጡ ይኸውን?' ሓሰበ ብልቡ። 'ለሚ ዝኣመን ሰብ የለን። ሰብን ዝብዕን ሓደ ኣብ ዝኸሉ እዋን ካልእ ይትረፍ ዝኣመን ስኢንካ በይንኻ ምኻን ይሓይሽ' በላ ንኹብሱ።

"ኩብለለ ምስ መጸእኩ ዓቕሚ ዘለዎም ሓለፍቲ ኣብል ምክልኻል ሓይልታት ኩይነ ክሰርሕ ገይሮሙኒ። ስለዚ ቦታ ደኣ ለዊጠ'ምበር ንሃገረይ ኣብ ምግልጋል'የ ዝርከብ ዘለኹ።"

በረኸት ስለ ዘይኣመነ ኣዒንቱ ገዐጠ። "ሕራይ ይኹነልካ!" በለ ኣዕሚቑ እናስተንፈሰ። "ሕጂ ግና ብኻልእ ጉዳይ'የ መጺኣካ ዘለኹ" ኣብ ዘዩሰማምዖም ክትዕ ከይኣትዉ ዝሰግአ በረኸት ኣርእስቲ ክቕይር ተገደደ።

"ብምንታይ?" ሸዑ'ወን ሰንበደ ፋትኤል።

"እቲ ብሓደጋ ዝቐተልካዮ ህጻን ወዲ ሓትኖይ'ዩ።" እቲ ዘረባ ንፋትኤል ኣዝዩ ዘሰንበደ ስግዕ'ዩ ነይሩ። በረኸት ግና ሰንባደ ናይ ፋትኤል ከይገደሶ ዘረባኡ ቀጸለ።

"ብርኩታ ንኣሸተይ ሓቢቲ ኣደይ'ያ። ሓደጋ ዘወረደ መን'ዩ ዝብል ሕቶ ምስ መጸ'ዩ ንሸኻ ምኻንካ ሓቢራትኒ" በሎ ንዝሰዕብ ዘረባ እናተዳለወ።

***

ሚኪያ ዘጨንቓ ጉዳይ እንተረኸበ ኣቕዲማ ንመሓዝኣ ሂማን ከተካፍላ'ያ ትደሊ። ወ/ሮ ታቦቱ ዝሓበርኣ ናይ ኣፍቃሪኣ ናይ ምብህራር ጉዳይ ድማ ምስ መሓዝኣ ከይሃንየን ተመያየጠናሉ።

"ኣነ ከም ዝመስለኒ ኣብ ሰብ ሓደጋ ኣወሪድካ እሞ ድማ እቲ ሰብ ብሞት እንተተፈልዩ ዝፈጥረልካ ጾቕጢ ቀሊል ኣይኮነን። መርኣያ ናቱ ድማ ምብህራርን ሃተፍተፍን ክህሉ ግድን'ዩ" በለት ሂማን ሰብ ምቕታል ዝፈጥሮ ናይ ኣእምሮ ነውጺ እናሓበረት።

"እቲ ዝበሎ ቃላት እኳ'ዩ ንምማ ታቦቱ ኣጠራጠርወን ሂማን መሓዛይ። 'ስለምንታይ ንሸኻ ቀቲልካዮ እንክለኻ ኣነ ከም ዝቐተልክዎ ኩይነ እቐርብ' ዝብል ዘረባ ካብ ምንታይ ዝበጽሐ ኩይኑ ይስመዓኪ?"

"እንታይ ኩይኑ ዝፈልጥ ፋትኤል ጥራይ'ዩ። ንስኺ ደፍር ኢልኪ ክትሓትዮ ዘለኪ ንኣፍቃሪኺ ጥራይ'ዩ።" ካልእ መፍትሒ ከም ዘየለ ሓበረታ።

"እንታይ ክብሎ? ኣዴኡ ብምስጢር ዝዘበራኒ ጉዳይ ብዘይፍቓደን ከመይ ገይረ ክዛረቦ? ንሰን'ኳ ብእዝነን ሰሚዐንኦ እንክለዋ ደፊረን ክዛረባኦ ዘይደፈራ ኣነ ክደፍር ዘምሕረለይ ኣይኮነን" ዘይከኣል ምኻኑ ኣብርሃት። "ከምኡስ ክዘብር ኣይክእልን'የ። ካልእ ምኽሪ እንተለኪ ደኣ'ምበር. ." ብምባል ኣድማዒ ምኽሪ ክትህባ ተጸበየት።

"እዋእ" ብምባል ሂማን ኣብ ሓሳብ ኣተወት። "እሞ ዝ ምስጢር ክትፈልጥያ እንተደሊኺ ብሓንሳብ ሕደሩ" እቲ ዘረባ ወላ'ኳ ኣፋ ከፊታ እንተወጽኣቶ ስምዒት ሕፍረት ግና ከይጉልበበ ኣይተረፈን።

"እዋእ ኣንቲ ሂማን!" ሰንባደን ምግራማን ኣብ ገጽ ሚኪያ ተረእየ። "ከመይ ገይረ ክሓድር ዓለይ! ከመይ ገይረኸ ምስ ዓርከይ ሆቴል ክኣቱ? ንሰድራይከ ኣበይ ሓዲረ ክብሎም?" ሕቶታት ኣውሓዘት።

"እሞ ምስ ኣዴኡ ተላዚብክን ገለ ግበራ። ኣዴኡ ኣብ ቅድመኺ እዚ ናይ ምብህራር ጉዳይ ከልዕልኦ ይኽእላ'የን። ንእግረ መንገደን ድማ እቲ ዝበሎ ደጠቕሳኦ። ሸዑ ንሸኺ ግዜ ወሲደኪ ነቲ ጉዳይ ትዛረብሉ።"

"እዚ ናይ ሕጂኳ ይሓይሽ"

***

ትብለጽ እዋን ምኻሕ ኣኽልዋ ቤታ ክትነጽሕ ብቕልጡፍ ሽበድብድ እናበለት እንክለ'ያ ንገሰ ዝተባህለ መንእሰይ ብቕድሚኣ ጸሓሕ ደዉ ብምባል ኢዱ ንሰላምታ ዝዘርግሓላ። እቲ ኢጋጣሚ ኣብ ፈለማ ግር ዝብል ስምዒት ፈጢሩላ ከበአ ክትጥምት ተቐሰበት። ደሓር ግና ኣብ ገጽ'ቲ ብቕድሚኣ ዝዓገታ መንእሰይ ክምስታ ምስ ተዓዘበት ካብ ሰክፍታ ከይረሓቐት ዓጸፊታ ክትምልስ ተገደደት። "ከመይ ወዒልካ?" ዝብል ናይ ሰላምታ ሰርዓት ኣሰዒባ ድማ ዝብላ ክትሰምዕ ዕድል ሃበቶ። ካብ ስራሕ ንቤታ እንተዘይኪዩት ብዙሕ ምስ ወዲ ናይ ምዕላል ባህሪ ኣይነበራን። ሓንቲ ካብዘን ምስ ወዲ ምዕላል ዘለዎ እወታ ዘይትፈልጥ መንእሰይ'ያ። ግና ዕላል ምስ ኣውዳት ጸለአ ዘይኮነት እቲ መንገዲ ስለ ዘይትፈልጦ'ያ። ካብ ድኻታት ሰድራ ስለ ዝተወልደት ቀዳምነታ ስራሕን ሰድራኣ ምሕጋዝን'ዩ። ብኸምኡ ከይተረድኣ ምስ ፍቕርን ኣውዳትን ከየዕለለት ዕድመ ሰላሳታት ሰጊሩቶ'ያ። እቲ ኢጋጣሚ ድማ ንፍቕርን ዕላልን ዝኸፍት ማዕጾ ገይሩ ኣይተሓሰበቶን። 'ኣውዳት ምልኻፍ ስለ ዘይጽልኣ'ም' ብምባል'ያ ተርጉማቶ። ግና ገጻ ኣሰራ ክትከይድ ኣይመረጸትን። ገጽ ምእራር ረቡዓ ከም ዘይብሉ ኣብቲ ትሰርሓሉ እንዳ መቀያየሪ ኣቑሑ ተማሂራቶ'ያ። 'ዓሚል ቅድሚ ኣቑሑ ክርእዮ ዝደሊ ክምስታ'ዩ' እዩ ዝብል ኣቶ ምናሴ። ብኸምኡ ተቓንያ ስለ ዝነበረት ድማ ነቲ ሰላምታ ዝለገሰ መንእሰይ ፈለማ ዘርኣየቶ ክምስታ'ዩ - ልክዕ ከምቶም ዓማዊሉ።

"ኣብ መለዋወጢ ኣቑሑ እንዲኺ ትሰርሒ?" እቲ ተመላሊሱ ከም ዝተዓዘበ ከምዝኸር ዝደለየ መንእሰይ ኣጸቢቑ ከም ዝፈልጣ ብምሕብር መረጋገጺ ክትህቦ ተጸበየ። "ንገሰ እበሃል" ቀልጢፍ ኢሉ ስሙ ኣላለየ። 'ቅድሚ ምልላይካ ባህርኣ ክትፈልጥን ተመላሊስካ ክትዕዘበን ፈትን' ዝብል ሓበሬታ ካብ ነጥሪ ምስ መጸ ኣብቲ ትሰርሓሉ መለዋወጢ ኣቑሑ ንሰለስተ መዓልቲ እናተመላለሰ ካብ ስራሕ ትወጽኣሉን ትኣትወሉን እዋን ተኸታቲልዋ'ዩ። ፈለማ ገጻ ምስ ረኣየ 'እዋይ ነጥርስ ዝኣ'ዩ ምልክዕቲ ዝበለኒ?' ብምባል'ዩ ቅሬታኡ ገሊጹ።

"እወ" በለት ትብለጽ ቅልጥፍ ኢላ። ሽዑ ድማ'ዩ ተሰሚዕዋ ዝነበረ ጸቕጢ ክእለያ ዝጀመረ። 'ይፈልጠኒ እምበኣር'ዩ' ዝብል ስምዒት ካብ ጸቕጢ ከም እትገላገል ገበረ።

"ብዙሕ እዋን ይርእየኪ ስለ ዝነበርኩ መዓስ'የ ዝ ጓል ዝላለያ ዝብል ሓሳብ ነይሩኒ'ዩ። መዓልቱ ኣኺሉ ድማ እነሆ ለሚ ክላለየኪ ጸቡቕ ዕድል ረኺበ። ሌላ የፍርሓኪ ደዩ?" ኣልጊቡ ኣብሉ ሓተታ።

"ኖእ ኣየፍርሓንን'ዩ" ተዛወኸት ትብለጽ። ተገዲሱ ክላሊያ ምድላዩ ብሕማቕ ክትርእዮ ከም ዘይብላ ንኡባ ሓበሬታ ነበረት። 'ሌላ ናብ ጸቡቕ ዕድል ዝመርሕ መንገዲ'ዩ' ዝብል መረዳእታ ኣለዋ። "ሓዉኻ ክላለየካ ምድላዩ ሕማቕ ነገር ኣይኮነን" ብምባል እወታዊ ስምዒት ከም ዘለዋ ሓበረቶ።

"እሞ ሓደ መዓልቲ ሻሂ ክስትየኪ ምደለኹ፡ ኣብ ዝኸኣለ እዋን።"

"ሕራይ" በለት ብዘይቃል ዓለም።

ይቕጽል






ብርታትና መርሓና!

# ኩለንትናዊ ብቕዓት መንእሰይ




ብኹለንትናኡ ብቑዕ ዝኾነ ሰብ፡ ሕልፊ'ቲ ተራ ሰብ ከፍርዮ ዘለዎ እዩ ዘፍሪ። እቲ ፍርያት ድማ ብዓይነትን ዓቐንን ዝበለጸ ምዃኑ ዘጠራጥር የለን። ንስኻኸ ከመይ ኢኻ? ብኹለንትናኻ ብቑዕ ዲኻ? ነዚ ብልክዕ ክትምልስ ንኹለንትናዊ ገጽታት ህይወትካ ክትምልከት የድሊ። ወዲ-ሰብ ከም ዕንክሊል (wheel) ክምሰል ይከኣል። ከምቲ ሓንቲ ዕንክሊል ገለ ክፋላ ምስጠጸፍሕ ብጥዑይ ዘይትዘውር፡ ኣብ ኩሉ ገጽታት ህይወቱ ገለ ወይ ድማ ሓፈሻዊ ጸገማት ዘለዎ ሰብ ድማ ጽቡቕ ህይወት ክመርሕ ኣይክእልን እዩ። ዕንክሊል ብጥዑይ ንኽትዘውር ዘኽእልዋ ረጃታት (spokes) ኣለውዋ። ሰብ ድማ ንህይወቱ ብልክዕ ንኽኑብራ ዘኽእልዎ መዳያት ኣለውዎ። እቶም መዳያት ሓሙሽተ እዮም - ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራዊ፡ መንፈሳዊ፡ ጥዕናውን ፋይናንሳዊን መዳያት። ከምቲ ናይ ሓንቲ ዕንክሊል ረጃታት ዝኾነ ሽግር ምስዘጋጥሞም፡ እታ ዕንክሊል ብጥዑይ ዘይትዘውር፡ ዝኾነ ሰብ ድማ ኣብዞም ብመዳያት ቅርዑይ ህይወት' ዝፍለጣ መዳያት ጉድለታትን ጸገማትን ምስ ዝህልዎ ከምዝደልዮን ብጥዑይን ክነብር ይሽገር። ኣብዞም መዳያት እዚኣቶም እኹል ኣፍልጦ ምጥራይን ብግብሪ ክትነብረሉ ምፍታንን፡ ኩለንትናዊ ብቕዓት ንኽተጥሪ ኣዝዩ ስለዝሕግዝ ሸለል ክበሃል ኣይግባእን እዩ ይብሉ ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ።

## ሀ. ኣእምሮኣዊ መዳይ

ብኣእምሮኣዊ መዳይ ክትዓቢ ምኽኣል ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ንኹርናዕ ኣመለኻኽታኻ ስለዘስፍሖ ድማ ንዘጋጥሙኻ ብድሆታት ናብ ረብሓኻ ንኽትቕይር ይሕግዘካ። በዚ ከምዚ ድማ ብዝዛማዲ ዝሓሸ ህይወት ክትመርሕ ትኽእል። ብኣእምሮኣዊ መዳይ ዝዓበየ ሰብ ካብቲ ዘይዓበየ ዝሓሸ ርድኢት ስለዘለዎ ዝፍጽሞም ጌጋታት ብዝዛማዲ ሒደት እዮም። ብኣእምሮኣዊ መዳይ ዝዓበዩ ክንብል ከሎና፡ ኑቶም ፈደላት ቆጺሮም፡ ምህሮ ጸጊቦም፡ ገዛእ ርእሶም ብምህናጽ፡ ጭዋ ጠባይ ዘውንኑ ድኣ'ምበር፡ ኑቶም 'ቀለም ዝጸገቡ' ተባሂሉ ዝውረየሎም ማለትና ኣይኮንናን። ስለ'ዚ ንኣእምሮኦም ዘስፍሑ ሰባት፡ ንገዛእ ርእሶም ካብ ዕንወት የድሕንዋ። በዚ መሰረት ንኣእምሮኣዊ ብቕዓትና ክብ ብምባል ንገዛእ ርእስና ካብ ዕንወት ክንከላኸል እቲ ግዜ ሕጂ እዩ።

ኣኣምሮኣዊ ብቕዓትካ ክብ ንምባል ዘኽእሉ ክልተ ሜላታት ኣለዉ። ሓደ ካብኣቶም ድማ፡ እቲ ብስሩዕ መገዲ ኣብ ኣብያተ-ትምህርትን ኮሌጃትን ላዕለዎት ማእከላት ሞያዊ ስልጠናታትን እንቐስሞ ምህሮ እዩ። እዚ ገዕዞ ምንዳይ ሽግ ፍልጠት ነዊሕ'ኳ እንተኾነ ዘፈጥሮ ዕድላትን ዝህቦ ረብሓን ግን ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ስሩዕ ትምህርቲ እዚ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝህቦ ፍልጠት፡ ምስ ዝተፈላለየ ባህሪያትን ድሕሪ ባይታን ዘለዎም ሰባት ዘራኽበ ብምዃኑ ረብሓኡ ዕዙዝ እዩ። እቲ ካልኣይ ሜላ ድማ ብዘይስሩዕ መገዲ ዝርከብ ሜላ ምድራዕ ብቕዓት ኣእምሮ እዩ። እዚ ብንባብ፡ ምስ ለባማትን ወረጃታትን ብምዕላል፡ ሰሚናራት ብምክፋል... ወዘተ ዝጥረ ብቕዓት እዩ። እዚ ካልኣይ ሜላ ንገዛእ-ርእስኻ ምምሃር እዩ። ገለ ሰባት ነዚ ናይ ንገዛእ-ርእስኻ ምምሃር ክእለት ዘውንኑ ክኾኑ ከለዉ፡ ገለ ግን ነዚ ከምዚ ዝበለ ብቕዓት ዘይተላበሱ እዮም። እንተኾነ ግን ብቐጻሊ ልምምድን ጻዕርን ዓቕልን ክጥረ ስለዝኽእል ተበጊሶ ምውሳድ ጥራይ እዩ ዘድሊ። እዚ ካልኣይ ሜላ ግን፡ ኑቲ ቀዳማይ ዝያዳ ንምምዕባል ድኣ'ምበር፡ ከም እኹል ተወሲዱ ብእኡ ጥራይ ኣእምሮኣዊ ብቕዓት ክጥረ ዝኽእል ኣይመስለንን። ስለ'ዚ ብኣእምሮኣዊ መዳይ ንኽንዓቢ ትምህርቲ ወሲ ተራ ይጻወት። ትምህርቲ ንህይወትና ብርሃን ይህብ። እቶም ዝተማህሩ ጥራይ እዮም ሓራ' ተባሂሉ ተጻሒፉ እዩ። ብሓቂ ድማ ትምህርቲ፡ ሓርነት ሲጋን ሓርነት መንፈስን ይህብ። ኣእምሮ ዝዓቢ ብፍልጠት ጥራይ ዝመስሎም ኣለዉ። እዚ ግን ቅኑዕ ኣይኮነን። ኣእምሮ ብጥበብ እዩ ዝሰፍሕ። ጥበብ ማለት ድማ 'ፍልጠት ኣብ ግብሪ' ካብ ዝብል ኣምር ዝወጸእ መግለጺ ዝርከበሉ ኣይመስለንን። ምውናን ሰፊሕ ኣእምሮ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ምስ ሕብረተ-ሰብካ ዝህልወካ ማሕበራዊ ዝምድናታት እውን ንኩለንትናዊ ብቕዓትካ ዝጸሉ ብምዃኑ፡ ቀጺልና ክንስተውዕሎ ዝግብኣና መዳይ እዩ።

## ለ. ማሕበራዊ መዳይ

"ሰብ ንሰብን ብሰብን እዩ ዝነብር" ዝብል ግሩን ኣበሃህላ ኣሎ። እዚ ድማ ማሕበራዊ ዝምድናታት ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ንክንርዳእ ይሕግዘና። ምስ ኣባላት ስድራቤትካ፡ ጐረባብትኻ፡ ኮምካን ዘለካ ዝምድና እንታይ ይመስል? ኣብ ሓባራዊ ረብሓን ምኽባብርን ዝተሞርከሰ ድዩ? ወይስ ግዳይ ጥራይ ይጥዓመኒ' ብዝብል ናይ ሰፋት ኣተሓሳስባ ዝተዓብለለ? ክጥዕመካ ምድላይ ሓጢኣት የብሉን። ግን ብዋጋ ካልኦት ክኸውን ኣይግባእን። ካልኦት ዝረሃጹሉ ክትምንዝዕ ንካልኦት እናመዘመዝካ ጇብኻ ከተህጥር ምፍታን፡ ዊዒሉ ሓዲሩ ውጽኢቱ ዕንወት እዩ። ሕብረተሰብ ድማ ነዚ ከምዚ ዝበለ ዓመጸኛ ጠፍ ከምዝብሎ ዝተረጋገጸ እዩ። ስለ'ዚ ካብ ሕብረተሰብና ንዘንጽሉና ተግባራት ክንቅሓሎም ይግባኣና እዩ።

ገለ ሰብ ካብ ሓደጋት ምፍልላይ፡ ካብ ርግኣት ሕንፍሽፍሽ ዝብርሆ ኣሎ። እዚ ከምዚ ዝበለ ጉሒላ መበላሸዊ እዩ። ናይ ገሊኦቶም ካብ ድንቁርና ዝብገስ፡ ናይ'ቶም ዝተረፉ ድማ ተንኮልን ስሰዐን ዝጠንቁ ክቱር ንዓይ ይጥዓመኒ ዝብል ረሰእነት እዩ። እቶም ለዋማት፡ ካብ ቡቶም ዝፈላልይዎም ነጥብታት ተደሪኾም ክፈላለዩ፡ ብቶም ዘሰማምዕዎም ነጥብታት ተደሪኾም ክፋቀሩን ብሰኒት ክነብሩን ይመርጹ። እቶም ሰፋት ግን ብኣንጻርዚ ዝተጠቕሰ እዮም። ክዓብዩውን ኣይክእሉን።

እቶም ብኹለንትናኦም ብቑዓት ዝኾኑ ሰባት፡ ካብ ተጻብኦ ነጻ እዮም። ምኽንያቱ ብኣተሓሳስባኦም ልዕሊ'ቲ ውዲት ጸብለል ክብሉ ስለዝኽእሉ። ሓደ ጸሓፊ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ፡ "ሰባት በይኖም ዝኾኑ፡ ኣብ ክንዲ መሳገሪ ድልድል ጋራዲ መንደቕ ስለዝሃንጹ እዮም።" ስለ'ዚ ብኩለንትናዊ ብቕዓት ንቕድሚት ክንግስግስ፡ ኣብ ክንዲ ዓመጽ ቅንዕና፡ ኣብ ክንዲ ሻርነት ሓደነት ብዓቢኡ ድማ ኣብ ክንዲ ጋራዲ መንደቕ መሳገሪ ድልድል ክንሃንጽ ይግባእ። ምኽንያቱ ቅንዕና፡ ሓድነትን ብሓባር ምዕያይን ንኩለንትናዊ ብቕዓትና ኣብ ምብራኽ ዕዙዝ ተራ ስለዝጻወቱ።

## ሐ. መንፈሳዊ መዳይ

ክብርታትካ ኣየኖት እዮም? ንካልኦት ንምግልጋል ወፋይ ዲኻ? እሙን ዲኻ? ኣብ መትከልካ ጽኑዕ ዲኻ? እምነትካ ተኽብሮዶ? ክፉእ ንምግባር ማዕረ ክንደይ ትተብዕ?...ወዘተ፡ ገለ ካብቶም ኣብ መንፈሳዊ መዳይ ንዘለካ ብቕዓት ንኽትመዝን ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ነጥብታት እዮም። 'መንፈስ ድኣ'ምበር ስጋ ኣይኮነን ወሲ" ክብሃል ንሰምዕ ኢና፡ ካብኡ ሓሊፉ ውን "መንፈሱ ዝተሳዕረ ሰብ ብላሽ" ምዃኑ ተነጊሩና ይኸውን እዩ። እዚ ድማ ንመንፈስና ብኸመይ ክንሃንጾን ክንከናኽኖን ከምዝግባእና ንክንስተውዕል ዝተባህለ እዩ።

ንመንፈሳዊ ብቕዓትካ ዝድርዑ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክህልዉ ከለዉ፡ ንሽሉቶም ግን ብጉብሪ ምስ እኣሰኖም ጥራይ እዮም ረብሓ ክህቡና ዝኽእሉ። ሓደ ካብ ምልክታት መንፈሳዊ ብቕዓት፡ ኣብ ገዛእ ርእስኻን ካልኦትን ዝህልወካ ኣመለኻኽታ እዩ። እቶም ብቑዓት ድማ ካብ ክጥርጥሩ ክከናኸኑ፡ ካብ ክተናኾሉ ብግርህነት ክመላለሱ እዩ ዝቕለሎም። ክፍኣት፡ ኩሉ ግዜ ካብ መንፈሱ ዝተሳዕረ ሰብ እዩ ዝመጽእ። ንርእሲኡ ስለዘይከናኸን ድማ ንካልኦት ክከናኸን ምሕሳብ ዕሽነት ጥራይ እዩ።

ንብጻይካ ከም ነብስኻ ኣፍቕር ዝብል ወርቃዊ ሕጊ ኣሎ። እቶም ነዚ ሕጊ'ዚ ክፍጽምዎ ዝበቕዑ ድማ እቶም ቅድሚ ንኻልኦት ንነፍሶም ክፍቕሩ ዝኻኣሉ እዮም። ነብሱ ክፍቕር ዝኻኣለ ጥራይ'ዩ ድማ ንኻልኦት ብኸመይ ከምዝፍቀር ዝፈልጥ። ነብስኻ ምፍቃር፡ ከምቲ ንገለ ዓያሱ ዝመስሎም ስስዐ ኣይኮነን። ነብስካ ምፍቃር ማለት ቅድም ንገዛእ ርእስኻ ድሓር ድማ ንኻልኦት ንክይትጉድእ ዘኽእለካ ጽኑዕ መንፈሳዊ ሓይሊ ወይ ድማ ብልሙድ ኣዘራርባ 'ሕልና' ምውናን ማለት እዩ።

ቡቲ ኮነ ቡቲ፡ እዚ መንፈሳዊ ብቕዓት ብግብሪ ጥራይ እዩ ዝግለጽ። ብልሳኑ ጥዑም ዘረባ ዝዛረብ፡ ውሽጠ ውሽጢ ድማ ክፍኣት ዝኣልም ሰብ ኣሎ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰብ" ኑቲ "ካብ ጽቡቕ ዘረባ፡ ጽቡቕ ግብሪ ይበልጽ።" ዝብል ኣበሃህላ ዝዘንግዐ እዩ። እዚ ሰብ እዚ፡ ኑቲ ቆርበት በጊዕ ተኸዲኑ፡ ፈቆድኡ ዝምንዝዕ እንተረኸበ ከለል ዝብል ተኹላ ይመስል። ኑቲ ንካልኦት ናይ ምዕንቃፍ እኺዩ ባህሪ እንተዝሓድግ ድማ ህይወቱ ዓቢ ለውጢ ኩተምጽእ ኩላ ምረኣየ፡ እቲ ብክፍኣት ዓቕሉ ዝጸበበ መንፈሱ ድማ ዕረፍቲ ምረኸበ።

ገለ ሰባት ብዛዕባ መንፈሳዊ መዳይ ክዘረብ ከሎ ምስ እምነት የተኣሳስርዎ። እምነት ሓደ ክፋል መንፈሳዊ መዳይ ብምዃኑ ድማ ጌጋ የብሎምን። እምነት ኣብ ህይወት ሓደ ሰብ ኣገዳሲ ባእታ እዩ። ኩለን እተን ኣብ'ዚ ሃገር ዘለዋ ሕጋውያን እምነታት ክትከይሉ ዘለካ ቅኑዕ መገዲ ዝምህራ ስለዝኾና ወረጃ ጠባይ ንኽትውንን ይድግፋኻ እየን። በዚ ከምዚ ዝሓሸ ህይወት ክትመርሕ ይኻኣል። ገለ ግን ንእምነቶም ብጥዑይ ከይመርመሩን መቦቆሉ ከየጸሩን ንሓድሽ እታው (newly imported) ዝኾኑ እምነታት ብምስዓብ ንመንፈሳዊ ዕቤቶም ክዕንቅጹ ይርኣዩ። እቲ ዘሕዝን፡ መብዝሕትኦም ንመዛኸን ኢና' ዝብሉ፡ ግን ክመዝኑ ዘይኽእሉ፡ ኣይንፈርድን ኢና እናበሉ ንናይ ካልኦት እምነት ዘናሽው ምዃኖም እዩ። ሰቡ ኣብ ዝደለዮ ክኣምን መሰሉ'ኳ እንተኾነ፡ ንሓባራዊ ክብርታት ዜጋታት ዝብርዝ ምስ ዝኾውን ግን ዓንብ ክብሃልን ስጉምቲ ክውሰደሉን ባህሪያውን ሓላፍነታውን እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሓባራዊ ክብርታት ሕማቕ ጽልዋ ዘለዎ እምነት ዊዒሉ ሓዲሩ መዘዝ ከይሃለዎ ስለዘይተርፍ። ብዘፈጥሮ ጸገማት ድማ ዋላውን ኑቶም ኣመንቲ ዝንሕፍ ኣይኮነን። እዚ ብጥሩፍ ኣተሓሳስባታት ዝዘወር እምነታት ሳዕቤናቱ ከቢድ ምዃኑ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ንዝኽሰቱ ዘለዉ ሃይማኖታውያን ግርጭታት ምምርማር እኹል ስለዝኾነ ትንተና ዘድልዮ ኣይመስለንን። በዚ መሰረት መንፈሳዊ ብቕዓት ምጥራይ ንኩለንትናዊ ብቕዓትና ክብ ኣብ ምባል ደራኺ ብምዃኑ ክንተግሃሉ ኣዝዩ ዘድሊ እዩ።

## መ. ጥዕናዊ መዳይ

ጥዕና ንኩለንትናዊ ብቕዓትና ይጸልዉ። ምህላው ምሉእ ጥዕና ክንብል ከሎና ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ማለትና እዩ። ኣካላዊ ጥዕና ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ ሕልፊኡ ግን ኣኣምሮኣዊ ጥዕና ይምረጽ። ንባህሪያት ናይቶም ጥዑይ ኣእምሮ ዘውንኑ ሰባት ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ንሳቶም-

- መደብት ይሕንጽጹን የተግብሩን
- ኣብ ገዛእ-ርእሶምን ካልኦትን ጥዑይን እወንታውን ኣመለካኽታ ኣለዎም።
- ንገዛእ- ርእሶም የተባብዑን ኣንፈቶም የማዓርዩን
- ርእሱ-ተኣማንነት ኣለዎም
- ንጭንቀቶምን ሽግራቶምን ከመሓድሩ ኣይጸገሙን
- ምስ ሰባት ጽቡቕ ምርድዳእ ኣለዎም... ወዘተ

(ምንጪ ኢንተርነት)

ብተወሳኺ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ፡ እታ ህልውቲ ዓለሙ ምስ ዘይተዕገቦ ናቱ ካልእ ዓለም ኣብ ምፍጣር ኣይጽገምን እዩ። ስለ'ዚ ድማ ኢና ኣእምሮኣዊ ጥዕና ሓለፉ ኣለዎ ዝበልና። ምኽንያቱ ምቅርቲ ህይወት ካብ ጥዑይ ኣእምሮ ስለእትፈልፍል።

እዚ ምባልና ግን ንኣካላዊ ጥዕና ኣቃሊልና ክንርእዮ ኣሎና ማለት ከስምዕ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ኣካላዊ ጥዕና'ውን ኣብ ምስላጥ ዕዮን ንህይወትና ጣዕሚ ኣብ ምሃብን ዘይናዓቕ ተራ ስለዝጻወት። ስለ'ዚ ንኣካላዊ ጥዕናና ክንሕልዎን ክንከናኸኖን ይግባእ። ኣካላዊ ጥዕና በዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ክዕቀብ ይካኣል።

- ስሩዕ ሕክምናዊ መርመራታት ምኺያድ
- ስርዓቱ ዝሓለወ ስርዓተ ኣመጋግባ ምህላው
- እኹልን ግቡእን ዕረፍቲ ምውሳድ
- ስሩዕን ግቡእን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዘውታር
- ካብ ዝተፈላለዩ ወልፍታትን ዘይስነምግባራዊ ንጥፈታትን ነጻ ምዃን
- ጽሬት ኣካላትን ከባብን ምሕላው
- ...ወዘተ

እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥብታት ሓፈሻዊ ሓሳባት ንምሃብ ድኣ'ምበር ካብ'ዚ ንላዕሊ ክዳቀቑ ከምዝኽእሉ ክዘንጋዕ የብሉን። ንኹሉ ሰብ ብማዕረ ዘገልግል መምርሒ ናብራ ክህሉ ስለዘይክእልን ብዓንደ ርእሱ ድማ ህይወት፡ ብቀመር (formula ) ትንበር ብዘይምዃናን ብገዛእ-ርእስና ብዝጥዕም መገዲ ክንትንትኖም ይግባእ።

"ጥዕና፡ ጥዕና ዝስኣኑ ጥራይ ዝርእይዋ፡ ኣብ ርእሲ ጥዑያት ዝተደፍኣት ኣኽሊል።" ምዃና ብምርዳእ፡ ጥዕናና ንምሕላው ክንነቕሕ ይግባእ። ቅዱ-ኣካባብራና ንጥዕናና ጸላዊ ብምኻኑ ክንጥንቀቐሉ ድማ ርእሱ-ግሉጽ እመስለኒ።

## ሰ. ፋይናንሳዊ መዳይ

ሓደ እዋን ሓንቲ ዛንታ ወይ ኣንበብ ወይ ሰሚዐ ኣሎኹ- ርግጸኛ ስለዘይኮንኩየ። ከምዚ ድማ ትብል፡- 'ሓደ ግዜ ነበይዝጊ፡ ሓደ ሰብ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ፡ ካብ ናይ ደቂ-ሰብ ነገር ዝያዳ ዘርመካ እንታይ እዩ? ኣቦይዝጊ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰ ይባሃል፡-' ገንዘብ ንክረኽቡ ጥዕናኦምን (ዘለዎም ክብርታትን) የጥፍኡ። ብድሕሪኡ ድማ ኑቲ ዘጥፍእዎ ጥዕና ንክመልሱ ኑቲ ዝኣከብዎ ኩሉ መሊሶም ይዘርውዎ።"

እዛ ዛንታ ንበላ ዋዙምስቁምነገር ብዘጎድስ፡ ብልክዕ ድያ ከምኡ ትብል ነይራ ወይስ ኣነ እየ ብኸምኡ ተረዲኣያ ኣይፈልጥን። ንጹሓፊኣ ድማ ከምታ መበቆላዊት ጽሕፍቲ ገይረ እንተዘየቀምጢያ ይቕሬታ ክሓቶ ግቡእ እመስለኒ። ቡቲ ኮነ ቡቲ ከምቲ ሓደ ፈላስፋ ዝበሎ 'ክልተ ጫፋት ሓደገኛታት ምዃኖም ብምርሳዕ ዝመጽእ መዘዝ እንታይ ምዃኑ እዩ መልእኽቲ ናይ'ዛ ዛንታ። ገንዘብ ንምርካብ ጥዕናኻን ሕልናኻን ትሸይጥ፡ ምስ ረኸብካ ድማ ንዕኡ መሊስካ ክትሽምቶ ሃረር ትብል። እቲ ዘሕዝን ግን ሒደት ጥራይዮም ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ ዝዕወቱ። በዚ መሰረት ንገንዘብ ክንጥቀመሉ እምበር ክጥቀመልና ኣይግባእን። ፋይናንሳዊ መዳይ እምበኣር ንገንዘብ ብኸመይ ከምእንጥቀመሉን ከምእንሓድሮ ከምእንኽእልን ዝመዝን፡ ሓደ ካብ ኣዕኑድ ኩለንትናዊ ብቕዓት ወዲ ሰብ እዩ። ነዚ መዳይ እዚ ምሒያል ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ገለ ካብቶም ብፋይናንሳዊ መዳይ ንክንሕይል ክሕግዙና ዝኽእሉ፡ ካብ ጥርዮም ዘለዎና ባህሪያት ድማ ዓያይነት፡ ምውህላል፡ ምውጋድ ሓሳሽነትን ልግስን ክንጠቕስ ይካኣል። ኣታዊታትካ ክብ ንምባል ክትዓዩ ግድን ዘድሊ እዩ። ሓደ ፈላስፋ ከምዚ በለ 'እቲ ዘይሰርሕ ኣይብላዕ።' እዚ ፈላስፋ'ዚ ኣይተጋገየን፡ ምኽንያቱ እቲ ዘይሰርሕ፡ ክሰርሕ እናኻኣለ ብዘይምስርሑ ክበልዕ ኣይግባኦን እዩ። ስለዘዋፍረየ። ስለ'ዚ ዕዮ ብዘይምንዓቕ ብምዕያይ ኣታዊታትና ክዕቢ ፡ ብእኡ ኣቢልና ድማ ፋይናንሳዊ ውሕስነት ክንረክብ ይግባእ። እቲ ካልኣይ ኣገዳሲ ረቋሒ ምውህላል እዩ። ምውህላል ናይ ለባማት ውርዙይ ልምዲ እዩ። እንተኾነ ግን ምውህላልን ብቐንን ሓደ እዮም ካብ ዝብል ዝንበዕ ትርጉም ካብ ምውህላል ዝዕጉቱ ብዙሓት እዮም። እዚ ናይ ዘይምውህላል ባህሪ፡ ናብ ውልቃውን ሃገራውን ቁጠባዊ ሓርነት ንኸይንግስግስ ስለዝዓግተና ብኣጋኡ መእረምታ ክንገብረሉ ይግባእ። ኑቶም ብምውህላል ቁም-ነገር ንምግባር ዝበቕዑ ድማ ክንዮ 'ዕድለኛታት እዮም' ምባል ንተሞክሮኦም ክንስተውዕሎን ክንረብሓሉን ግቡእ እመስለኒ። እቲ ሳልሳይ ድማ ምውጋድ መጠኑ ዝሓለፈ ሓሳሽነት እዩ። ሓሳሽነት፡ ዘየድልየካን ሕልፊ'ቲ ዘድልየካን ምሽማት ወይ ድማ ኣገልግሎት ምርካብ ማለት እዩ። ጠንቂ ዕንወት ቤትን ሃገርን ብምዃን ድማ ንፋይናንሳዊ ቅልውላው የቃልዕ። እቲ ዝኸፍአ መልክዕ ሓሳሽነት ናብ ወልፊ ገጹ ዝምዕበል ምዃኑ እዩ። ካብ ናይ ሓሳሽነት ወልፊ ንምግልጋል እቲ ቀዳማይ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ውሽጣዊ ርግኣትካ ኩተዕቢ ምፍታን እዩ። መብዝሕትኡ ግዜ ሓሳሽነት ውሽጣዊ ርግኣትና ምስ ዝዘርግ እንዘውትሮ ንጥፈት ብምዃኑ-ካብ ውሽጥና ንዘይረኽብናዮ ዕግበት ካብ ደገ ንምሽማት እንካይዶ ኩንቱ ንጥፈት።

እቲ ራብዓይ ናብ ፋይናንሳዊ ዕቤት ክመርሓና ዝኽእል ንጥፈት ልግሲ እዩ። ልግሲ ካብ ዘለካ ዘበለ ኑቶም ዘይብሎም ምምቃል ማለት እዩ። ኣብ'ዚ ሓያል ክትዕ ክልዓል ይኽእል እዩ። 'ልግሲ ብከመይ ናብ ፋይናንሳዊ ዕቤት ክመርሕ ይኽእል?' ዝብል ክትዕ። ግን ካብ ኣርእስትና ምእንቲ ከይንወጽእ፡ 'ሃብ ክትወሃብ' ዝብል ምስላ ናይቶም ጥበበኛታት ኣብው ምጥቃስ እኹል እመስለኒ። እዚ ኣርእስቲ እዚ ምስ ባህሪያት ሰብ ኣብ ዝተኣሳሰር ዓውዲ ብዝኾኖ ምሁራት ደቂ ሃገርና እንተዝጽናዕን ክንካፈሎ ድማ ዕድል እንተዝርከበን ሓገሳይ ወሰን ኣምበይምሃለዎን።

ኣብ መደምደምታ፡ ብኩለንትናኡ ብቑዕ ዝኾነ ሰብ ኮንና ንኽንርከብ፡ ኣብዞም ዝተጠቕሳ መዳያት ቀስ ብቀስ፡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ደፋእታዊ (gradual) ምዕባለ ከነመዝግብ ከምዝለና ሓቲታ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን። ድሕሪ ሒደት ግዚያት ድማ፡ ንገዛእ ርእስና ኣብ ዝሓሸን ዝበለጸን ደረጃን ብቕዓትን ከምእንረኽብ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምዕባይ ግን ኣይነቋርጽ፡ ምኽንያቱ ብቑዕ ምዃን ብቐጻሊ ዕቤት ስለዝረጋገጽ።



ርም ስ ሰሎሞን

# መ ሕርሲ



ቅኑዕ ኣመጻጽኣ ሕርሲ

ኣብ ቅኑዕ ኣመጻጽኣ ሕርሲ፡ ርእሲን ቀዳማይ መሓውርን ኣቐዲሞም ይመጹ።

**ዘይቅኑዕ ኣመጻጽኣ ሕርሲ**

ዘይቅኑዓት ኣመጻጽኣ ሕርሲ ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ እቶም ዝውቱራት ግና እዞም ዝስዕቡ እዮም። ሰሩዕ ዘይኮነ ኣመጻጽኣ ምስ ዘጋጥም፡ እቲ ኣብ ማህጸና ዘሎ ካልኣይን ሳልሳይን ፈሳሲ ከይተወድአ እንከሎ ምትዕርራይ ይከኣል እዩ።

**ሓደ ተዓጺፉ ዳሕረዋይ ኣካል እንተ ወጺኡ**

ከይደንጐኻን ዝኾነ ኻልእ ፈተነ ከይገበርካን ናይ ሕክምና በዓል ሞያ ምጽዋዕ፤ ሓኪም ከኣ ንምራኽ ቀራሪጹ ከም ዝወጽእ ይገብሮ።



ኣብ ከምዚ ኩነታት ምራኽ ክሲርካ ላም ምድሓን እዩ እቲ ኣማራጺ። ምናልባት ልዑል ተሞክሮ ዘሎዎ ክኢላ ኩነታት እንተ ኣፍቂድሉ ንኽልቲኦም ከድሕኖም ተኽእሎታት ኣሎ።

ኣገባቡ ድማ፦ ምራኽ ናብ ኣፍደገ ርሕሚ ብመቐመጫ ኣእንፊቱ ጭራ ምስ ዝቕልቀል እሞ፡ ኣእጋሩ ንውሽጢ ማህጸን እንተ ኣቢሉ፦

ሀ. ኣብ ትሕቲ ጭራ መቐመጫኡ ብምሓዝ ንውሽጢ ይድፋእ፤ ኣእጋሩ ድማ ናብ ኣፍደገ ርሕሚ ይቐርብ


ለ. ኣእጋሩ ገመድ ኣሲርካ ብምስሓብ ክትገላገል ትኽእል። እዚ ኩሉ መስርሕ ክካየድ እንከሎ ግና ፈሳሲ ናይ ማህጸን ምስ ዝህሉ ጥራይ እዩ። እቲ ፈሳሲ ኣብ መስርሕ ምስ ዝንቅጽ ድማ ዘይቲ ብልዒ ክትጥቀም ትኽእል።

መተሓሳሰቢ፦ ላም ኣብ እዋን ሕርሳ ናይ መጀመርታ ናይ ማይ ከረጺት ክፈስስ ምስ ጀመረ፡ 'ባዕላ ክትሓርስ እያ' እናተባህለ፡ እታ ላም ግና ዘይሰሩዕ ኣመጻጽኣ ገጢምዋ ቀጻሊ ጌሕታ ተብዝሕ። እቲ ኣብ ምውላድ መሳርሒ ክጠቅም ዝኽእል ፈሳሲ ይውዳእ፤ እቲ ምራኽ ድማ ምስ ማህጸን ይጠብቕ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እታ ላም ብሰንኪ ሽለልትነት ትመውት።

ስለዚ ላም ክትሓርስ ክትጅምር እንከላ ቀጻሊ ምክትታል ከም ዘድልያ ክንዝንግዕ የብልናን።

**ምጥዋይ ክሳድ**

መጀመርታ ኣብ ኢድካ በጃ ኢድ (ጓንት) ምስ ገበርካ፡ ቀስ ኣቢልካ ናብ ርሕሚ ድሕሪ ምእታው፡ ዝተዓጸፈ ክሳድ ምራኽ ኢድካ ሰዲድካ ናብ ንቡር ምምላስ። ብድሕሪኡ ላም ቀልጢፉ እንተ ሓሪሳ ጽቡቕ፤



እንተደንጒያ ግና ምሕጋዝ የድሊ።

**ናይ ቅድሚት መሓውር ተዓጺፉ እንተ መጺኡ**


ከምዚ ምስ ዘጋጥም ቀስ ኣቢልካ ንዝተዓጽፈ እግሪ ምትዕርራይ። ኣብ ምውጻእ ትድንጉ እንተኾይና ግን ምሕጋዝ የድሊ። ኢድና ኣእቲና ኣብ እንተዓራርየሉ ግዜ ማህጸን



ከይንሃሲ ክንጥንቀቕ ይግባእ።

**ቀዳማይ መሓውር ተዓጺፉ ብእግሩ ምስ ዝመጽእ**

መጀመርታ ኩሉ በጃታት ለቢስና ንዝተዓጽፈ መሓውር ኢድና ብምእታው ልክዕ ከም ርእሱ



ነስተኻኽሎ። ዝተቓልቀለ ዳሕረዋይ መሓውር ንውሽጢ ከይኣትወና ገመድ ኣሲርና በብቑሩብ ምስ ምንቅስቓስ ሕርሲ እናሰሓብና ሓገዝ ንገብረላ።

**ዝሓረሰት ላም**

- ድሕሪ ምውላድ ትደሚ ከይትህሉ ኣመታ ምግባር
- ቀጠልያ መግብን ጽሩይ ማይን ምቕራብ
- ሽለት ምስ ወጸ፡ ምቕባር ወይ ምቅጻል። ሽለት ልዕሊ ሓደ መዓልቲ እንተ ደንጒዩ ሓኪም እንስሳ ምውካስ
- ሓድሓደ ግዜ ላም ንሽለት ትብልዖ'ያ።ንድኣት'ኳእንተዘይብሉ፡ ቅቡል ግና ኣይኮነን
- ላም ድሕሪ ምላዳ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓታት እንተዘይተንሲኣ ንሓኪም እንስሳ ተወኪስካ ረድኤት ምሃብ።

ሞያዊ ምኽሪ
ካብ ዶ/ር ገብረሂወት ጠዓመ

## ሳ ምስ

ን - 1 ሎ ሳ 1/2 ሎ ሪ ማ ላ
መ ረ 2 ይቲ ርቲ ይሕ ደ መ ረ 1 ማ
ላ - ር ረ ደ መ ረ 1 ሑን መደረ 2
ማን ላ ደ መ ርሰሜሎ 1 ማን ላ ደ መ ን
ሴ 1 ማን ሂ ሊም ር ረ 1 ማን ሂ ም ን መም
ል 1 ይቲ

**ዳል**

ቲ ሳ ሪና ሓ ና ሩይ መቲርና ን ር ና
ርቲ ይቲ ን ል ይሕ ምስ ለ ር ረ
ርቲ መደረ ሓንሳ እቲና ን ል ሕሪ' ን
እቲና ማይ እና ን ና ስሎ
መወዳእታ ሊም ር ረ ም ን መም ል ን ን
እቲና ወሃሂ ና ር እን ለ ምስ ንመ
ን ር

## ን ን ርንን ናን ናይ ቲ

ቀርኒ ከብቲ ብፍኑው እንተ ዓብዩ፡ ኣብ ልዕሊ ሰባትን ካልኦት እንስሳታትን ሃሰያ የውርድ፤ ንዕብየት ምራኽ'ውን የሰናኽል። ስለዚ ዘይተደልየ ሃሰያ ከየውረደ እንከሎ፡ ኣብ ግዚኡ ምቑራጽ ኣገዳሲ እዩ። ቀርኒ ኣብ ውሽጢ 3-4 ሰሙን ዕድመ ምራኽ ክቕረጽ ዝበለጸ ኢዩ። ካብኡ ምስ ዝሓልፍ ግን ብዙሕ ስራሕን ዘይድለ ሃልኪን ይፈጥር'ሞ፡ ንዕብየት ምራኹት የሰናኽል።

ቀርኒ ንምቕራጽ ክንብገስ ከለና፡ መጀመርታ ከባቢ ቀርኒ ብመድሃኒት



ክድንዝዝ ይግባእ። ጽጉሪ ይላጸ፤ ብዓቐን ናይ ቀርኒ ዝተሰርሐ ከቢብ ቀርጺ ዘሎዎ ሓጺን ኣብ ሓዊ ብምርሳን ከአ ክትግበር ይከኣል። ኣገባቡ ኸኣ፦

- ዝረሰነ ሓጺን ኣብ ቀርኒ ይኣቱ
- ክሳብ እቲ ጸዕዳ መስመር ዝርከብ ምድፍኡን ካብኡ ከይሓልፍ ምርግጋጽን። ምኽንያቱ፡ ንሓንጎል ስለ ዝሃስ።
- እዚ ንምግባር 10-20 ካልኢታት የድሊ። ምናልባት ቁርበት ርጉድ ዝበለ ምስ ዝኸውን፡ 20-30 ካልኢት ይበጽሕ። ድሕሪኡ መንጸጊ ጌርካ ነቲ ቦታ ጸረ-ነፍሳት ምንጻግ። ማዕረ ማዕረ'ዚ ዝያዳ ጡብ ኣብ ሰብነት ኣንስተይቲ ምስ ዝህሉ'ውን ብመቐስ ጌርካ ክስደድ ይከኣል ኢዩ።

**ዘይንቡር ሸኾና**

ሸኾና ሓደ ተረር ቀርኒ ኣብ መወዳእታ መሓውር ናይ እንስሳ ንመኽላኸሊ ኣብ ውሽጡ ዝርከቡ ብብዙሓት ሰራውር ደም ዝቐሙ ኣካላት የግልግል። ከምቲ ጽፍሪ እግሪ ናይ ወዲ ሰብ ኣዝዩ ምስ ዝዓቢ ኣብ ምንቅስቓስ ሽግር ዘፈጥር፡ ሸኾና ላም ክዓቢ ከሎ'ውን ሽግር ይፈጥር።

ኣየኖት ሸኾና ንሽግር ይጋለጡ?

• ብተፈጥሮኦም ጸበብቲ ጸሊም ሕብሪ ዘሎዎምን ካብቶም ገፋሕትን ጽዕድው ዝበለ ሕብሪ ዘሎዎምን ዝሓሸ ሽግር ይጻወሩ።
• እቶም ትኽ ዝበሉ ካብቶም ልጥልጥ ዝኾኑ ንሽግር ዝያዳ ይጻወሩ።
• ኣብ ግዜ ምዕባይ ምራኹት ዝተመጣጠነ መግቢ ብፍላይ እኹል ካልስየምን ፎስፎረስን ቪታሚንዲ ተመጊቦም ዝዓበዩ ንሽግር ይጻወሩ።

ስለምንታይ ንሸኾና ንከናኽኖ?

• ሸኾና ካብ ልክዕ ንላዕሊ ክዓቢ ከሎ ምንቅስቓስ ከሊኡ ቃንዛ ይገብር
• ምህርቲ ጸባ ስጋን የጉድል
• መበገሲ ዝተፈላለዩ ቁስልታት ይኸውን
• ጠንቂ ብባክተርያ ዝመጹ ሕማማት፡
- ከም ደምበል ይኸውን

ንሸኾና እንታይ ክወግእ ይኽእል?

መስማር፡ ስልኪ፡ ዝተሰብረ ጥርሙዝ፡ በላሕቲ ኣእማን ወይ ኣብ ሞንጎ ከፋት እምኒ ምቕርቃር

ሳዕቤን

• ቁስሊ፡ ሓጎል ምስ መግሊ
• መእተዊ ባክተርያ ከም ሕማም ደምበል
• መእተዊ ቫይረስ ከም ሕማም ኣናሶ
• ምንቅስቓስ ትስእን

ምክልኻል ሸግር ሸኾና

• ብተፈጥሮ ቅኑዕ ወይ ሽግር ዘይብላ እንስሳ ምምራጽ
• ካብ ኣተዓባብያ ጀሚሩ እኹል ካልሲየም፡ ፎስፎረስን ቪታሚንን ዲ ዝተሓወሶ መግቢ ምምጋብ
• ምድርቤት ሰፈረን ጽሩይን ብሽትት ዘየብል ሰሚንቶ ዝተለበጠ ክኸውንን
• መውዓሊእን ካብ መስማር፡ ስልኪ፡ ዝተሰበሩ ጠራሙዝ፡ በላሕቲ ኣእማን ናጻ ምግባር



• ኣብ ግዜ ክረምቲ መውዓሊእን ካብ ጭቃ ናጻ ምግባር
• ካብ ሕማም ደምበልን ኣናሶን ናጻ ዝኾነ ሕርሻ ግን ጭቃ ዘለዎ መውዓሊ'ውን ተመራጺ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ እዚ ሓይሊ ይህበን፤ ሸኾና ንኸይዓቢ ድማ ይሕግዝ
• ኣብ ተረር ቦታ ቀጻሊ ኣንቀሳቕሰን
• እዚ ኹሉ ጌርካ እንተ ነዊሑ ብኽኢላ ጌርካ ኣቖርጾ
• እንተ ተኻኢሉ፡ መድሃኒት ዘሎዎ መጥለቒ እግሪ ብቐጻሊ ተጠቐም።

# ስፖርት

ርም ስ ረል ል
ergh@zena.gov.er

## ዞባ ማእከል ንጋንታታት ኵዕሶ እግሪ ኣተባቢዑ



ምምሕዳር ማእ ል ሓለ መ ስ ር ደ ሃ ራ ር ሊ ር ራ ን ሳ ር ለ መ ን ሄ ር ም ን ስ ር ማእ ል -ር ራ ሉታ ን ረን ማ ቲ ሚ ማሊ ሆ ል እን ር ስ ስመሮም ን ማእ ልእ ን እ ን ሓለ መ ስ ር ን ላ ደ ስ ስር እቲ ምምሕዳርታታ ምስቲ ን ና ን ታእ ን እ ን ንታታታ ም ደረ ታ ንራ ይ ሰል ጠ ራ ን ይዳ ወታታልማ ን ዳግይ ሳ ራ ይሐ ሕሪ 100,000 ና ህ እን ሎ ም ማ ይ ጁ ሕ ም ለን ይ ለ መሲ ሪሱታ ሊ ር ራ ልወይ ታ እቲ ሚ ማሊ ወዘ ታ ን መምርሒታ ን ሊ ር ራ ደረ ን ሓ ስመራ ራ ሜመ ን ን ሰማ ም ረ ንታታ ማእ ልእታራ 85,000 ና ር ለስ 75,000 ን ንታታ ን ር ስ ርታእ ወ እ ንታ መ እ መ ና ወስ እን ላ ልታሕረር ማወዳዳር ም ላ ማ ሓስረር ታ ታ ም ን ማእ 65,000 ና ናይ ሪ ጁ ን ቲ ዳ ር ምል ለ ም እ ይ ለ ናይቲ ለ ላ ም ም ም ሰሚሩሉ ቲ ስ ስር ረ ሓላ ንታታ ማእ ል ሓለ ሊ

** ** **

## ተወሳኺ

= ላ ራ ሪሓ ሰል ሃ ራ ንታ ሪ ይ መ ም ረ ሓ ሩ እቲ ወ 62 መ ሰል ታ ሃ ራ ንታ ን ል መታ ታሙ ን ሩ ሎ ም ምሕላ ን ሰም 2014 ሐ ረ ስታሪ ም ላ ይ ለ ቲ ማ ሰል ን ረ ርናን ሳ ን ም ዳዳ ይ ለ ራ ሪ መ ደ ር ን ለ ም ል ይደረ ሕ ሉ ይሩ ን 28 መታ መ ምስል ን ራ ሪ ን ም ልሲ ለጽ ን ን መሰባ ለ ምሕላ ይ ለ እ ታሙ ን ረሉ መ ን ናይ ይ መ ሉ ሎ ስ ሃ ራ ሮ ሮ 2016 እ ራ ሪ ታ ንታ ቲ ር ደረ ሓእምን ደረ ን ኵ ሶ እ ሪ እ እቲ ሓ ሰል 7 መስ ምስ ሩማን ም መ ረ ይ መደ ታሒ ሉ ሎ ሚ 10 መታ ሰል ሃ ራ ሮ ሪ ም ምስ ሃን ሪ ንዛን ሶሜን ርሳን ን መሰባ ንታታ ም ይ

= ታይ ሃ ራ ንታ ርሕ ር ንቲና ር - ርማን ማሪ ሓና ምስ ሳ ላ ናይ ላ ኵና ም መረ ወታ ይ ለ ሎ እቲ ዝዓ ራ ንታ ር ንቲና 2008 ሳ 2010 ሰል (ማሪ ና ም እ ) መሲ እ ን ም ወ እን ንታ ል ስለ ይ ረ ቲ ለ ም ለ ረ ሎሚ ን መሲ ይ ም ሓለ መታ ም ይ ወ እን ን እታ ንታል ል መ ም ሓይ ን ን ማ ሰል ሳ ላ ታ ሃ ራ ም መ ም ሑ ሓ ን ሰ ም ይ ሉ ሪ ማሕ ር ኵ ሶ እ ሪ ር ንቲና ላ እታ ንታ ሳ ላ ታ ንታ ም መ እን መ ናይ ም ሉ እሎ ምዛ እ ረ እ

## ስዋሬዝ

### ፈላሚ ናይ ባርሴሎና ጸወታኡ ኣብ ግጥም ኤልክላሲኮ . . .




ን ል ሊ ምን ሱ ን ር ወታታ ኵ ሶ እ ሪ ደ ታይ ርሰሎና ሉ ስስ ረ ላሚ ን ር ሪ ል ማ ሪ ም ን ሉቲ ሊ እቲ 26 ምቲ ም ልቲ ማ ሪ ፍሓ ለ እስ ሕ ስ ረ መ ሓሰ ን ር ራ እታ መሉ ለ ም እቲ ታይ ወታ ናይ ም ል ል እሎ ም ህል እ ሎ ምስ ል ም ማ ሪ ል ማ ሪ ር ሊ ር ልና ርሰሎና ምስ ር ማል ን ን ሰ ረስ ረ 24 ሰ ታይ ም ሰ ም ስታ 71 ሚል ና ጽን ሕ ር ዳመን ር ር ሓ ር ዛታ ን ሚ ሰማሚ ን ለ ምስ ም ሓ ር ምን ር እታ ሓ ስ ለ ም ምእ እል ይ መ

** ** **

### እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ?

= ሓ ሰል ማን ናይ ን ሪ ሚል ንታ ላ ን ል ላ ሲ 7 ፀ ሰም ሓ ታይ ሪ ምዛ እ ሕ ር ታይ ለ ርሰናል እን ረ ሕ እ ን ን ሚ ና ምዓ ፅ - ምስ ሮ ሪ ን ሉ ር ራዳና ሆ ሜራ ምእታ ስለ ሃ ና ማ ሪ ምስ ሩ ሓ ሩ ሂ ለ ን ር ቲ ደ ሚምስ

## ቀንጥብጣብ

= ሰል ለ ርሰናል - ርሰን ን ር ር ን ሰም 2014 ምስ ሃ ራ ንታ ርመን ን ል ሉ ል መ ሳ ርን ልስ ን ላሚ ም ናይ ሬመር ሊ እን ሊ ም ይሀል ሊ እ ም ር ን ሰም ሃለ ወ ቲ እታ ለ ን ር ሬስታል ሳ እ ይ ላሚ ም ረ ቲ ም ወ ም እ እቲ ረሳ ሰል ሕ ር ማ ሳ 11 ሓለ ረ ቲ ም ሀል ሩ ሎ

= ሉቲ ማ ሪ ሊ ር ል ይሀደን ን ሎ ር እ ላ ልን ታሕ ን ል ም ላ ሓ ሩ እቲ ታይ ለ ሰል 10 ሚል ን ን መ ይ መ እታናይቲና ልሲ ሰ ረ ስታ ን ታማ ሪዳ ለ ሓ ሎ ሓለ ወርሒ ና ሊ ር ል ምስ ሰል ርናን ሮ ርስር ደ እቲ ወ 19 መ ል ማ ታ ም ን እስ ለ ምህዳ ር ም እል ይ መ ሰል ሲሞ ናይቲ መሲ ምዛ እ ለ ር ምስ ሃ ራ ንታ ል ም ወታታ ደ ይ ር ን ሰም 2014 ማ ሓንቲ ም ሩ ይ ለ

= ና ር ም ምሕ ይ ለ ማን ሲቲ - ሕቲ 21 መ ሰን ሴታ ር ንም ወታ ይ ም ይ ለ እ ን ማ ና ና እን ሊ ሓ እታ ሪ ይራ እ እለ እን ሊ ለ ታ ሰ ናስ ደ ቲ ዳይ ሴታ ር ም ም እ ቲ ም ር ዳ ቲ ዷ ሚ ማሕ ር ኵ ሶ እ ሪ ሮ ር ምዛ ል ታይ ማን ሲቲ ረ ደ ቲ ሰ ስ ር 2015 ሲ ሰ ምስ ሴታ ር ም ሞ ደርሳ ን ታ ሲ ሚዛን ንማር ላ ሊ ና ርሰናል ሰ ር ል ቲም ና ሊ እታ ል ለ ቲ ታይ ም ና እ ይ ስ መጸርሕ ና ዳይ ም ል ሰል ሓ ላ - ርሰናል ና ሚዛን ሰ ር ሰል ርሰናል ርሰን ን ር ንታ ንማር ላ ሊ ም ይ ደል ወ እ እን ሓ ረ ማ ና ና ል ላይ ማ ስ ር እቲ መጸርሕ ደለሰለል ምዛ እ ሕ ር ታይ ለ ርሰናል ል ር ራእና ይ ሜራ ምእታ ራ ስሙ ለ ል ማር ላ ሊ እንታይ ይ መሪ ና መደ ራ ለ ኵ ሶ እ ሂወ ሕል እ ም ል ሕ ን ሓ ሕን ል ሕን ሊ ይ ይ ሎ




### ድሮግባ ናብ ቸልሲ ክምርሕ . . .?

ሕ እ ን ል ሉን ሜዳ ልሲ -ር ሴቲ = ሰል ልሲ -ሞሪ ሓደስቲ ወ ቲ ሰታን ር ሪ ን ሞን መታ ሕሪም 2012 ታ ንታ ና ልእ ለ ም ይ ለናይ ም ሪም መደ ም ሊ ደር ሮ ም ም ንስሊ ሮ =ልሲ ታይ ርሰሎና ስታ ን ር ሙ ረቲ ወ መ ል ል ሞር ሓለ ንታ ርሰሎና ም ረ ሮ ን ላተሪይ ን ና ታፍይ = ናይ ም ታይ ርሰናል ረ ን ሪ ም ንታ ምለስ ር ደር ወ 36 መ ሮ ላ መ እን ደ ል ጁ ር ምስ ሓንቲ እ ን ሰል ለ ልሲ ሞሪ እቲ ታይ ን ሮ ል ና ሑ ወታታ ሪመርሲ እን ሊ ን ር ም ንል ፉ ሪ ል ማ ሪ ም ሂ ሎ ም ሪም ምስ ሮ ሪ ን ር ንመልስ ሀ ሎና ንኡእ ን ምስስደልሲ ማል ም እ ን ን ር ደሰና ም ሮ መብደርሳን ን ሓ ላ ወ ቲ ል ና ይ ል ር ላ ሞሪ ል ደስ መሊሳ ም ሓ ራ

ሚ ሞ ማእሰቲ ን ስታ ር ርሕ ሊ እቲ ወ 25 መ ናይ ም ታይ ሊ ር ል እቲ ን ር ሞ ማእሰቲ ም ንና ሽን ሩ መሊሱ ምዛ ን ሓ ሩ ላን ደ ይ ላ ስ ሃም እቲ ታይ መ ሐቲ 48 ሰ ታ ም ይ እ ሓ ራ ርል መስ ረም 2012 ስታ 450000ፓውንድ 2012ን ን 2013ን መ ጁቲ ም ሞ ይ ር ሰን ማ ሊ ር ን ል ን ና ን ን ለ መል ል ሕ ሰ ር ም ደደይ ለ





ጆሜ/ ደጀን ተኽለ



# ድዑልን ድቤላን





## ሕንቅል ሕንቅሊተይ

1. 'ስሙን ደምጹን ሓደ'
2. 'ማይ ሰትያ ዘይትሽይን'
3. 'ነዊሕ ገመድ፡ መውዳእታ ዘይብሉ'
4. 'ከይዳ ከይዳ ጎማ ዘይትውድእ'
5. 'ካብ ኩብዲ ኣዴኣ ወጺኣ ዝጠን ኣዴኣ እትዛርም'

### መልሲ

1.ኳኽ 2.ደርሆ 3.መገዲ 4.እግሪ 5.ክርቢት

ቀደም ዘመን ኣብ ሓደ ደንበ ንሓደ ሃብታም ሰብኣይ ብዙሓት መጓሰ ኣጣልን ኣጠዕን ነርኡ። ዋና'ተን ጥሪት ፈረሱ ተወጢሑ ኣንጊሁ ናብ በረኻ የውፍረን'ሞ፡ መሬት ዓይኒ ሕዘ ኩብል እንክሎ ደማ ኮብኩብ የእትወን ነበረ።

ኣርሓ ናይ'ተን ኣጣል ደቤላን ኣርሓ ናይ'ተን ኣጠዕ ደዑልን ደማ ነቲ መጓሰ ይመርሕዎን ይቖልስዎን ነበሩ። ነቲ መጓሰ ዝጸብኦ ኣራዊት እንተተረኽበ'ውን ንሰም'የም ቀዳሞት ዝከላኸልሉ ዝነበሩ።

ሓደ ረፋድ እቲ ትዕቢተኛ መን ከማይ በሃሊ ደቤሉ ደፍረቱን ትብዓቱን ከርኢ ንዓርኩ ደዑል "እንታ ክሳብ መዓስ ኢና እዚ ጫካ ብዓይንና ጥራይ ኣማዕዲና ክንርእዮ? እንታይ ስለ ዝኾንና ኢና ኣብኡ ኣቲና ካብ'ቲ ለምለም ሳዕሩ፡ ጃሕጃሕ ዝብል ጽሩይ ማዩ ዘይንቕደስ? ብህርፍርፎት ጥራይ'ምበር ኣፍና ማይ ምዒጉ ይውዕል ኣሎ" በለ ኣፍልቡ ነፊሑ።

እቲ ዓቃል ዝመጽኦም ሳዕቤን ኣዳዕዲዑ ዝፈልጥ ደዑል፡ "ጽቡቕ ነይርካ ደቤላ ሓወይ። እንተኾነ ኣብ'ዚ ዝራኣየና ዘሎ ጫካ እቶም ጨካናት ተጻብእትናን ኣራዊት መንበሪኦምን መውዓሊኦምን'ዩ። ኣብኡ ባዕልና እንተ ከድናዮም ድኣ ዛንታ'ቶም ዓያሹ ኣእዱግ ክንደግም። ዝበኣኢ ዝርከቦም ተባዕቲ ኣብ ቤቶምን ዓውዶምን እንተኣቲና እንታይ ከናሕስዩልና። ሰዕም ግደፍ ዘይኮነስ ሰዕም ኩልሰ'የም ከብሉና። ኣብዚኣ ከሎና'ኳ ድቃስ ከሊኦምና ኣለው" በለ።

"መቸም ደዑል እዛ ሓሞትካ ክትውለድ ከለኻ'ያ ፈሲሳ። ክንዲ ጸድፊ ዝኾነውን ኑቢሲ ሒዝካ ብርእሲ ሃሪሙ ከውሒ ዝሰብር ርእሲ እንክለካስ ክንደዚ ትርዕድ። ብዓይኖ ንዘጥምዓካ'ኮ እዚ ጉብዘናኻ ዝንቕንቕ ኮይኑ ኣይሰምዖን'ዩ። ዝበኣኢ ይትረፍ ሓርማዝ ንዓኻ ምስ ረኣየ ጭርሑ ጠወቆ ንኹሎም እንስሳታት መሪሕዎም እዚ ጫካ ጉዲፋልና ከም ዝኸደም ኣይጣራጠርን'ዩ። ኣነ ደማ ኣብ ጎንኻ ኮይነ ትንፅ ንዝበሉና ጸላኢ በዘን ዘይምሕራ በላሕቲ ኣቕርንተይ ገደረ ትንፋሱ ክሕጽሮ'ዩ። ጥራይ ሕጂ ንበገስ፡ ካብ'ቲ ለምለም ሳዕሪ በሊዕና ተፈሲሕና ኣብ ለስኡ ክንድቕስ"

ደዑል እዝኡ እናኾከዐ "ኣይትዓሹ ደቤላ ዓርከይ፡ ካብ ቤትካ ወጺእካ ጽቡቕ ዝበሃል የለን። ኣብ ዘለኻዮን ብዝረኸብካዮን ዓጊብካ ምምስጋን'ዩ ጽቡቕ። 'ኣብ ኢድና ዘሎ ወርቂ ዳርጋ ጨርቂ' ገይርና ኣይንርኣዮ። ደሓር ኣብ ዘይንረኽቦ ቦታ ምስ ከድና ከይንዝክሮ። እዚ ሓሳብ'ዚ ኔው ድኣ በሎ ናብ ዝገደደ ጸገምን መከራን ከእትወና'ዩ። ብፍቕርን ሰላምን ምስ'ዛ ምጭውቲ መጓሰና ይሕሸና። 'ህውኽ ፍሉሓስ እግሪ ቀብሮ ይልሕስ' ደዩ ዝበሃል? ኣብ ኢድና ዘሎ ጸጋታት ከም ዝዋሓደናስ ኣብ እግሪ ተኻሉን ኣዛብእን ዘሎ ሳዕሪ ክምንጭት ክንብል ኑብሶም ተኸሊፍና ህይወትና ኣብ ሓደጋ ከውድቕ እዝስ ኣነ ብወገነይ ኣይደግፎን'የ። ክልተ ግዜ ኣጸቢቕካ ሕሰቦ ሽዑ ክትፈልጥ ኢኻ ውጥንካ ጌጋ ምህላው" በለ ርእሱ እናነቕነቐ።

ደቤሉ እቲ ዝዑበርዎ ዝነበሩ ህይወት መጓሰ ምሓር ስለዝጸልኦ ብተደጋጋሚ ንዓርኩ "ካብ'ዚ ቦታ ንኺድ ናጻ ኴንና እናነበርና፡ ኣብ ዝመሰየና እናሓደርና ምንባር ይሕሸና። ካብ'ዚ ተኾቢቢብና ንወፍር ንኣትዎ ኣብ ሓንቲ ሩባ ንሰቲ፡ ኣብ ሓንቲ ደንበ ንድቅስ፡ ስዉጢ ዘይብሉ መንባብሮ እንነብርናስ ደስ ኢሉካ ማለት ድዩ?" ኣብ ብርኽ ዝበለት እምኒ ደይቡ "ናዓ'ባ ረኣዩ እዚ ቀጠልያ ምድሪ ቅሩብ ኣየዋናውዛትን! ኣብ ትሕቲ ዓበይቲ ኣግራብ ከተጸልል፡ ኣብ'ዚ ብጹሓይ ክንልሎ ንውዕል ዘለና፡ ኣብኡ እንተንኸይድ በሊዕና፡ ሰቲና ባህ ኣብ ዝበለና ጥንቅሊዒት መዕረፍና። እዚ ዓጽሚ ጥራይ ተሪፉ ዘሎ ኣካላትና ብስብሒ ተደብዲቡ ምሉቕሉቕ ምበልና" ኢሉ ንግሆን ምሸትን ተኻተኸ።

ብዘረባ ደቤላ ካብ መርገጺኡ ክወላወል ዝጀመረ ደዑል ኣብ'ቲ ለምለም ጨካ ኣትዩ ዝበልጸን ዝመረጸን ሳዕሪ ክመናጨት ተራእዮ። ቀሊዓ ዝጸንሐት ክሳዱ ናብ መሬት ኣድኒኑ ደማ "ኣነስ ጽቡቕ ዘህርፈኒ ፍጥረት እየ'ባ" በለ ብውሽጡ ሕፍረት እናተሰምዖ። ኣብ ሓሳብ ናይ ዓርኩ ርዒሙ ደማ ክኸዱ ተሰማሚዑ። መጓሰኦም ጠንጢኖም ንመናብርቶም ሕቑኦም ሂቦሞም ተሰወሩ።

ይቕጽል

## ኣብዚም ክልተ ኣሰእል 10 ፍልልያት ርኸቡ





## ኣዝሞድ

| | | |
|---|---|---|
| Monday | - | ሓሙስ |
| Tuesday | - | ቀዳም |
| Wednesday | - | ዓርቢ |
| Thursday | - | ሰኑይ |
| Friday | - | ሰንበት |
| Saturday | - | ረቡዕ |
| Sunday | - | ሰሉስ |